# ኢንድ ወጋሕታ

5ይ ዓመት ቑፅሪ 04 26 ሕዳር 2017 ዓ.ም ሓሙስ ብር 10.00


# 70 ሺሕ ሄክታር መሬት ብመስኖ ንምልማዕ ናብ ተግባር ተኣትዩ ኣሎ

መኣርግ ገ/ሄር

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ክልል ትግራይ 70 ሽሕ ሄክታር መሬት ብናይ ሓጋይ መስኖ ንምልማዕ እናተሰርሐ ከምዝርከብ ኣብ ቢሮ ሕርሻ ክልል ትግራይ ቤት ፅሕፈት ሆርቲካልቸር ኣፍሊጡ። እኹል ሓይሊ ሰብን ተፈጥሮኣዊን ድኹዒ ይቐርብ ከምዘሎ ተገሊፁ።

ዳይሪክተር እቲ ቤት ፅሕፈት ኣይተ ሃይለ ታደለ ንትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ከምዝገለፅዎ፣ ኣብ 2017 ዓ.ም ሰብዓ ሽሕ ሄክታር መሬት ብናይ ሓጋይ መስኖ ክለምዕ ትልሚ ተታሒዙ ኣሎ። በዚ ድማ 228 ሽሕን 905 ዜጋታት ተጠቀምቲ ክኾኑ 'ዮም። ክሳብ ሕዚ ካብ እቲ ትልሚ 27 ነጥቢ 5 ሚኢታዊ ብዘርኢ ዝተሸፈነ ምዃኑ ዘመልከቱ እቶም ሓላፊ፤ ኣብ ዝተረፉ ከባቢታት ድማ ልምዓት መስኖ ንምክያድ ናይ ምድላዋት ስራሕቲ ይስራሕ ከምዘሎ ሓቢሮም።

ኣብቲ ክልል ልምዓት ክላስተር ብምጥቓም፣ ብፍላይ ኣብ ጎመን፣ድንሽ፣ በርበረ፣ ኮሚደረን ሽጉርትን ትኹረት ተዋሂብዎ እናተሰርሐ ከምዝኾነ ዝተዛረቡ እቶም ዳይሪክተር፣ ኣብዚ ዓመት ኣብ ሓደ ሽሕን 400 ሄክታር መሬት ስርናይ ንምልማዕ ትልሚ ከምዘሎ ገሊፆም። ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ሰለስተ ወረዳታት ልምዓት ስርናይ ሓጋይ ከምዝተጀመረን ዘተባብዕ ውፅኢት ከምዝተመዝገበን ኣዘኻኺሮም።



መንግስቲ ፌዴራል ብዝገብሮ ድጋፍ ንልምዓት መስኖ ሓጋይ ዝኸውን ናይ መዳበርያ ሕፅረት ኣይገጠመናን ዝበሉ ኣይተ ሃይለ፤ 150 ሽሕ ኩንታል ሰብ ስራሕ ድኹዒ ንምጥቃም ትልሚ ተታሒዙ ነይሩ፤ ክሳብ ሕዚ 68 ሽሕ ኩንታል በቢ ወረድኡ ክከፋፈል ተገይሩ ኣብ ጥቕሚ ከምዝውዓለ ተዛሪቦም። ብተወሳኺ ሓረስቶት ዘዳለውዎ ተፈጥሮኣዊ ድኹዒ ብሰፊሑ ኣብ ጥቕሚ ይውዕል ከምዘሎ ኣፍሊጦም።

14 ሽሕ ኩንታል ብሉፅ ዘርኢ ከምዘድሊ ዝገለፁ እቶም ዳይሬክተር፤ ክሳብ ሕዚ ኣርባዕተ ሽሕ ኩንታል ተጠቒምና ኣለና። ሕፅረት ብሉፅ ዘርኢ ኣለና 'ዩ ክብሉ ገሊፆም፡፡

70 ሺሕ ሄክታር መሬት.... ገፅ 6



“መዓልቲ ብሄር ብሄረሰባት ንነዊሕ እዋን ዝፀንሐ ሓድነት ህዝቢ ዘጠናኽር 'ዩ”

- ወይዘሮ ኣበባ በርሀ

ገፅ 6

# ጉዕዞ ብልፅግና ኢትዮጵያ

መኣርግ ገ/ሄር

ትንታነ ዜና

ቅድሚ ሽዱሽተ ዓመታት ብፀቕጢ ህዝብን ውሽጠ ፓርቲ ቓልስን ብዝመፅአ ሃገራዊ ለውጢ ስዒቡ ብዙሓት ለውጥታት ተራእዮም 'ዮም፡፡ ቅድሚ ሽዱሽተ ዓመታት ኣብ ኢትዮጵያ ዝሕተቱ ዝነበሩ ፖለቲካዊ ኩነታት ካብ ቃል ዘሊሎም ተግባራዊ ምላሽ ከይረኸቡ ፀኒሖም ኣብቲ ናይ ለውጢ መንግስቲ ግና ወላ ብዙሓት ብድሆታት የጋጥሙ ክምለሱ ዝኸኣልሉ ኩነታት ተፈጢሩ 'ዩ፡፡ ናይ ፖሊሲ፣ ሕግን ኣሰራርሓን ጥራሕ ዘይኮነስ ናይ ባህሊ ለውጢ 'ውን መፂኡ 'ዩ፡፡ ናይዚ ለውጢ እዚ መራሒ ዝኾነ ፓርቲ ብልፅግና መበል ሓምሻይ ዓመቱ ኣብዚ ሰሙን እዚ ኣብ ቤት መዘክር ዓወት ዓድዋ ዘኽበረ እንትኸውን፣ ላዕለዎት ኣመራርሓ እቲ ፓርቲ ጉዕዞ ፓርቲ ብልፅግናን ዕዉታት ስራሕቱን ኣመልኪቶም መደረ ገይሮም 'ዮም፡፡

ፕረዝደንት ፓርቲ ብልፅግናን ቀዳማይ ሚኒስትር ፌዴሪኢን ኣብይ ኣሕመድ (ዶ/ር) ነዚ ኣመልኪቶም እንትገልፁ፤ ኣብ ዝሓለፉ ሓሙሽተ ዓመታት ፓርቲ ብልፅግና ኣብ ኩሉ ዓውድታት ዕቡቕ ዓወታት ተመዝጊቦም 'ዮም። ኣብ ዝሓለፉ ሓሙሽተ ዓመታት ፓርቲ ብልፅግና ሃገር በቖል ኢኮኖሚ ሪፎርምታት ብምትግባር፣ ኣብ ሕርሻ፣ ኢንዱስትሪ፣ ትካላት ፍትሕን

ጉዕዞ ብልፅግና .... ገፅ 6




## ውፅኢት ኩለመዳያዊ ብልፅግና ኣብ ጉዕዞ ሓሙሽተ ዓመታት

ገፅ 4

## ‹‹መዓልተ ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን ባህሊ፣ ቋንቋን እምነትን ንከዓቢ ዘኽእል 'ዩ››

- ወይዘሮ ኣበባ በርሀ

ገፅ 5

# ምላሽ ንፃውዒት ሰላም መንግስቲ

**ኣብረሃ ሓጎስ**

**ሓተታ- ዜና**

ሓንቲ ሃገር ብዘይሰላም ዝተማልአ ድሕንነትን ልምዓትን ዜጋታት ክተረጋግፅ ኣይትኽእልን። ብሰንኪ ምንቕስቓሳት ዝተፈላለዩ ዕጡቃት ኣካላት ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ክፋል እዛ ሃገር ዝርኣይ ኩነታት ዘይምርግጋዕን ስእነት ሰላምን ተተሓሒዙ ዘይምቅዳው ፖለቲካዊ ሓሳባት ተኸቲሎን ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ምምዝባል፣ ምጉናፅን ከጋጥም ተራእዩ 'ዩ። እዚ ከምዘሎ ኮይኑ እዚ ተግባር ኣድላይ ከምዘይኾነ 'ውን ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ ኣሕመድ(ዶ/ር) ሓዊሱ ዝተፈላለዩ ኣካላት ክገልፁን ፃውዒታት ሰላም እናገበሩን ፀኒሖም 'ዮም። ብፍላይ ብመንግስቲ ወገን ብተደጋጋሚ ንዝተፈላለዩ ዕጡቓት ሓይልታት ፃውዒት ሰላም እናተገበረ ከምዝነበረ ዝዝከር ኮይኑ ሐዚ ግና ነዚ ፃውዒታት ሰላም መንግስቲ ኣውንታዊ ምላሽ ዝረኣይሉ ኩነታት ኣሎ።

ነዚ ከም ኣብነት ዝኸውን ድማ ኣብ ሞንጎ ክልላዊ መንግስቲ ኦሮሚያን ላዕለዎት ኣመራርሓ ሰራዊት ሓርነት ኦሮሞን ስምምዕነት ሰላም ምፍርራሙን ከምኡ 'ውን ንዓርሱ "ዕጡቕ ጉጅለ ቅማንት " ኢሉ ዝፅውዕ ሓይሊ ፃዊዕት ሰላም መንግስቲ ተቀቢሉ ብሰላማዊ መንገዲ ብምሕረት ንምእታው ምስምዕምዑ 'ዩ። እቲ ስምምዕነት ንህዝቢ ዓብይ እፎይታ ከምዝህብ ተፀብዩ 'ዩ።

ካብ ዕላዊ ድሕረ ገፅ መራኸቢ ሓፋሽ ሰራዊት መከላኸሊ ዝተረኸበ ሓበሬታ ከምዘመላኽቶ፤ ነበር መራሒ ሰራዊት ሓርነት ኦሮሞ ጃል ሰኚ ነጋሳ ፃውዒት ሰላም መንግስቲ ተቐቢሎም ምስ ፕረዚደንት ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ኦሮሚያ ኣይተ ሽመልስ ኣብዲሳ ኣብ ቤት ፅሕፈት ፕረዚደንት ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ኦሮሚያ ኣብዚ ሰሙን ስምምዕነት ሰላም ፈሪሞም 'ዮም።

ኣብቲ ስነ ስርዓት ፌርማ ስምምነት ሰላም ኣይተ ሽመልስ ኣብዲሳ ከምዝበልዎ፤ ብመሰረት ባህልን እሴትን ህዝቢ ኦሮሞ ኣብዑር ፀሚዱን ኣፍራስ ፅዒኑን ብምምፃእ ሰላም ይውረድ ብዝበሎ መሰረት ፃውዒቱ ተቐቢሎም ብምምፅኦም ብስሞምን ብስም መንግስቲ እቲ ክልልን ኣመስጊኖም 'ዮም።

ሰራዊት ምክልኻል ሃገር እዚ ስምምዕነት ሰላም ንክፍረም ንዘበርከቶ ኣስትዋፅኦ 'ውን ምስጋና ኣቕሪቦም 'ዮም።

ነበር መራሒ ሰራዊት ሓርነት ኦሮሞ ጃል ሰኚ ነጋሳ፣ ኣብዚ ዓለም ፖለቲካዊ ኣፈላላይ ደቂ ሰባት ንቡር ከምዝኾነ ብምግላፅ "ንሕና 'ውን ፖለቲካዊ ኣፈላላያትና ብብረት ካብ ንፈትሕ ብዝሰልጠነን ብሰላማውን መንገዲ ኣብ ክቢ ጠረጴዛ ንምፍታሕ ኢና እዚ ስምምዕ ተቐቢልናዮ" ክብሉ ይገልፁ።

ኣብቲ መርሃ ግብሪ ዝተረኸቡ ላዕለዋይ ኢታማዦር ሹም ሰራዊት ፊልድ ማርሻል ብርሃኑ ጁላ፤ ነቲ ፃውዒት ሰላም ተቐቢሎም ንዝመፁ ኣመስጊኖም 'ዮም።

ፊልድ ማርሻል ብርሃኑ ጁላ ኣብዚ እዋን ከምዝበልዎ፤ ካብቶም ተዋጋእቲ ንላዕሊ ናይቲ ኩናት ግዳይ ዝኾኑ 'ቶም ብዛዕባ ኩናት ዘይፈልጡ ከምዝኾኑ ብምሕባር ካብ ዘለኒ ተሞኩሮ ኩናት ጎዳኢ ስለዝኾነ መንገዲ ሰላም ብምምራፅኩም ክትምስገኑ ይግባእ ክብሉ ይዛረቡ።

ነዚ ስምምዕ ተኸቲሉ ዝተፈላለዩ ላዕለዎት ሓለፍቲ መንግስቲ እቲ ዝተፈረመ ስምምዕነት ሰላም ዝነኣድን ክተባባዕ ከምዝግባእን 'ዮም ዝገልፁ።

ካብዚኦም ብመዓርግ ምክትል ቀዳማይ ሚኒስትር ሓላፊ ማእኸል መተሓባበሪ ህንፀት ስርዓት ዴሞክራሲን ምክትል ፕሬዝዳንት ፓርቲ ብልፅግናን ኣይተ ኣደም ፋራህ፤ ኣብ ሞንጎ መንግስቲ ክልል ኦሮሚያን ኦሮሞ ነፃነት ሰራዊትን ዝተፈረመ ስምምዕነት ሰላም ክተባባዕ ከምዝግበኦ ይገልፁ፡፡

ምፍራም እቲ ስምምነት ብዝምልከት ኣይተ ኣደም ፋራህ ኣብ ማሕበራዊ ሚያድ ገፆም ኣብ ዘመሓላለፉዎ መልእኽቲ፤ እቲ ስምምዕነት ኣዚዩ ክተባባዕ ዝግበኦን ከም ሃገር ዘላቒ ሰላም ንምርግጋፅ ኣብ ዝግበር ፃዕሪ ልዑል ግደ ዘበርክት ከምዝኾነ ይዛረቡ።



ከም ፓርቲ ብልፅግና ሰላም ኩለመዳይ ብልፅግና ንምርግጋፅ ወሳኒ ከምዝኾነ ተገንዚብና ነንባዕልና ንዘርርብ፣ ንድርድርን ምትሕብባርን ክፉት ገይርና ኢና" ክብሉ 'ውን ኣብሪሆም።

ከምኡ 'ውን ኣብ ሞንጎ መንግስቲ ክልል ኦሮሚያን ሰራዊት ነፃነት ኦሮሞ ዝተፈረመ ስምምዕነት ንኹሉ ተጠቃሚ ዝገብርን ኣዚዩ ዝነኣድ ከምዝኾነ ሚኒስቴር ሰላም ኣፍሊጡ 'ዩ፡፡

እቲ ሚኒስትር ኣብ ዘውፅኦ መግለፂ፤ "መንግስቲ ክልል ኦሮሚያን ኦሮሞ ነፃነት ሰራዊትን ስምምዕነት ሰላም ምፍርራሞም ንዘላቒ ሰላም ሃገርና ልዑል ኣበርክቶ ኢዩ" ብምባል፤ እቲ ከይዲ መገዲ ሰላም ንምኽፋት ካሊእ መማረፂ ዘይብሉ ንኹሉ ተጠቃሚ ዝገብር ኣመላኻቲ መገዲ ከምዝኾነ 'ውን የብርሀ።

ብተመሳሳሊ ንዓርሱ "ዕጡቕ ጉጅለ ቅማንት " ኢሉ ዝፅውዕ ሓይሊ ፃዊዕት ሰላም መንግስቲ ተቐቢሉ ብሰላማዊ መንገዲ ብምሕረት ንምእታው ምስምዕምዑ ዝተገለፀ ኮይኑ፤ ኣሚኮ መተሓባባሪ ቤት ምኽሪ ፀጥታ ዞባ ምዕራብ ጎንደር ብርጋዴር ጄኔራል ዓብደላ መሓመድ ጠቒሱ ከምዝፀብፀቦ፤ ብዓበይቲ ዓዲ ኣሸማጋልነት ኣብ ዝተገበረ ዘተ "ዕጡቕ ጉጅለ ቅማንት" ፃዊዕት ሰላም መንግስቲ ተቀቢሉ ብሰላማዊ መንገዲ ብምሕረት ንምእታው ተስምዕሚዑ 'ዩ።

በዚ መሰረት ኣብ ቀፃሊ ኣብ ትሕቲኦም ዘለው ክሳብ 250 ዝኾኑ ኣባላቶም ሒዞም መንግስቲ ብዝህቦም ኣንፈት መሰረት ስልጠና ተሃድሶ ወሲዶም ናብ ናይ ቀደም ህይወቶም ንክምለሱ ኣብ ምርድደእ በፂሖም 'ዮም።

እቶም ዕጡቃት ናብ ህዝቦም ንምሕዋስ ምስ ዓበይቲ ዓዲ፣ ኣመራርሓ ቁሸታትን ኣካላት መንግስትን ብሓባር ብምኧን ሓቢሮም ንምስራሕ ኣብ ስምምዕነት ምብፅሖም ብምፍላጥ፣ ኣብቲ ቁሸታት ዘፍፀሙ ተግባራት መንግስት ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ ንክሳለጡ ኩሉ ብፅሒቱ ንክዋፃእ ኣብ ምርድዳእ ምብፅሖም 'ውን ተመላኺቱ 'ዩ።



# ብልዕሊ ኣርበዓን ሸሞንተን ሚልዮን ብር ህንፀት ሩባ ንምእላይ ሳይት ርኽክብ ተሳሊጡ

**መኣርግ ገ/ሄር**

<u>ኣዲስ ኣበባ፡-</u> ብፕሮግራም ኤስዲጂ ብልዕሊ 48 ሚልዮን ብር በጀት፣ንልዕሊ 36 ሄክታር ዘልምዕን ፀገም ቀረብ መስኖ ማይ ዝፈትሕን ሓድሽ ፕሮጀክት ስራሕቲ ህንፀት ሩባ ምእላይ ማይ ንምጅማር ሳይት ርኽክብ ከምዝተሳለጠ ቢሮ ማይን ኢነርጅን ክልል ትግራይ ኣፍሊጡ።

እቲ ቢሮ ከም ዝሓበሮ፣ስራሕቲ ህንፀት ሩባ ምእላይ ማይ ንምጅማር ሳይት ርኽክብ ዝተገብረ ኣብ ወረዳ ቀይሕ ተኽሊ ጣብያ ዶክተር ኣታኽልቲ ቁሸት ጭን ቦሰና 'ዩ።

ኣባል ርኽክብ ኮሚቴ ቢሮ ማይን ኢነርጅን ኩንትራት ምምሕዳርን ኢንጅነር ክንደያ ሃፍቱ ከምዝገለፅዎ፣ እቲ ስራሕ ኣብ ውሽጢ ሽዱሽተ ወርሒ ተሃኒፁ ናብ ግልጋሎት ዝውዕል ኾይኑ ልዕሊ ክልተ ኪሎ ሜትሮ ስራሕቲ ካናልን ዘካተተ ከምዝኾነ ገሊፆም።

እቲ ሓጋዚ መስኖ ፕሮጀክት ን150 መራሕቲ ስድራ ተጠቀምቲ ዝገብር ልዕሊ 36 ሄክታር ብመስኖ ክልምዕ ዘኽእል ኾይኑ ዝህነፅ ዘሎ ፕሮጀክት በቲ ዝወፀ መርሃ ግብሪ ብፅሬትን ሰለጤንን ኣብ ዝሓፀረ ግዜ ተሰሪሑ ናብ ሓረስቶት ተጠቀምቲ ክውዕል ተኾይኑ ናይ ኩሉ ኣመራርሓን ሕብረተሰብን ደገፍ፣ክትትልን ተሳትፎን ከምዘድሊ እቶም ኢንጅነር ወሲኾም ገሊፆም።

ከም ሓበሬታ ቢሮ ጉዳይ ኮሚኒኬሽን ትግራይ፣ ኣብቲ ምስ ተኾናታራይ ኢንተርፕራይዝ ህንፀት ስራሕቲ ማይ ትግራይ ዝተኻየደ ምጅማር ስራሕ ርኽክብ ሳይት፣ ኮሚቴ ርኽክብ ቢሮ ማይን ኢነርጅን፣ ተወከልቲ ወረዳን ጣብያ ኣመራርሓ፣ ተጠቀምቲ ሓረስቶት፣ተወከልቲ ዓበይቲ ዓድን ኣብ ዝተረኸብሉ እቲ ሳይት ርኽክብ ተፈፂሙ፡፡

# ስልጠና ተሃድሶ ዝወሰዱ 640 ነበር ዕጡቓት ናብ ማሕበረሰብ ተሓዊሶም

**በሪሁ ኣረጋ**

<u>ኣዲስ ኣበባ፡-</u> ኣብ ክልል ትግራይ ኣብ ማእኸላት ስልጠና መቐለን ዕዳጋ ሓሙስን ዕጥቂ ብምፍታሕ ስልጠና ተሃድሶ ዝወሰዱ 640 ነበር ዕጡቓት ናብ ማሕበረሰብ ንኽሕወሱ ከምዝተገበረ ኮሚሽን ብሄራዊ ተሃድሶ ኣፍሊጡ።

ላዕለዎት ሓለፍቲ ስራሕ መንግስቲ ፌደራልን ግዝያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይን ኸምኡ 'ውን ተወከልቲ ኣህጉራውን ዓለም ለኻውን ትካላት ኣብ ዝተረኸብሉ 14 ሕዳር 2017 ዓ.ም ኣብ መቐለ ነበር ዕጡቓት እግሪ ንምትካል ዕላዊ መጀመሪ ስነ-ስርዓት ምክያዱ ዝፍለጥ 'ዩ።

በዚ መሰረት 'ውን እቶም ሰልጠንቲ ነበር ዕጡቓት ውልቃውን ጉጅላውን ኣፅዋር ብምርካብ ስልጠና ተሃድሶ ዛዚሞም ናብ ማሕበረሰብ ተሓዊሶም።

ኣብ ኮሚሽን ብሄራዊ ተሃድሶ ዳይሬክተር ዲሞብላይዜሽን ሌተናል ኮሎኔል ጎሳዬ ጥላሁን፤ ኣብ ክልል ትግራይ ኣብ ማእኸላት ስልጠና መቐለን ዕዳጋ ሓሙስን ስልጠና ዝወሰዱ 640 ነበር ዕጡቓት ናብ ማሕበረሰብ ንኽሕወሱ ከምዝተገበረ ገሊፆም።

ኣብቶም ማእኸላት ስልጠና ሓደ ሽሕን 360 ነበር ዕጡቓት ኣብ ኸይዲ ዲሞብላይዜሽን ዝርከቡ እንትኸውን ኣብ ቐፃሊ ናብ ማሕበረሰብ ከምዝሕወሱ ተዛሪቦም።

ካብ መትከል ዲሞብላይዜሽንን ዳግማይ እግሪ ምትካልን ብምልዓል 'ውን ንደቂ ኣንስትዮን ጉዱኣት ኣካልን ቐዳምነት ተዋሂቡ እናተሰርሐ 'ዩ ኢሎም።



ሌተናል ኮሉኔል ጎሳዬ ጥላሁን

ኣብ ቐፃሊ ዓቕሚ ቕበላ ስልጠና ተሃድሶ ዝህቡ ማእኸላት ብምዕባይ ብዝሓሸ ቕልጣፈ ንነበር ዕጡቓት ስሩዕ ህይወቶም ንኽመርሑ ናይ ምግባር ስራሕ ተጠናኺሩ ከምዝቕፅል ኣረጋጊፆም።

ነበር ዕጡቓት ስሩዕ ህይወቶም ንኽመርሑ ንምግባር ኣብ ዝግበር ፃዕሪ መንግስቲ ፌደራልን ትካላትን ሓለፍቲ ስራሕን ግዝያዊ ምምሕዳር እቲ ክልልን ሃናፂ ግደ እናተዋፅኡ ምኧኑ ገሊፆም፤ ድጋፍን መሻርኽትነትን ኣህጉራውን ዓለም ለኻውን ትካላት ተጠናኺሩ ንክቕፅል ሓቲቶም።

ካብ መንግስቲ፣ ተሓባበርትን ለገስትን ኣህጉራውን ዓለም ለኻውን ትካላት ብዝተረኸበ ድጋፍ ኣብ ዝቕፅሉ ኣርባዕተ ኣዋርሕ 75 ሽሕ ነበር ዕጡቓት ክልል ትግራይ ስሩዕ ህይወቶም ንኽመርሑ ናይ ምግባር ስራሕ ተጠናኺሩ ክቕፅል 'ዩ።

ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመታት ኣብ ሸውዓተ ክልላት ኣብ ቐዳማይ ዙር 75 ሽሕ፣ ኻልኣይ ዙር 100 ሽሕ፣ ሳልሳይ ዙር 150 ሽሕ ከምኡ 'ውን ኣብ ራብዓይ ዙር 46 ሽሕ ብድምር 371 ሽሕ ነበር ዕጡቓት ዕጥቂ ናይ ምፍታሕን እግሪ ናይ ምትካልን ስራሕ ከምዝካየድ ተሓቢሩ።

# ኣብ ዝቕፅሉ 10 መዓልትታት ደረቕ ኹነታት ኣየር ከምዝህልው ተሓቢሩ

**በሪሁ ኣረጋ**

**<u>ኣዲስ ኣበባ፡-</u>** ኣብ ዝቕፅሉ 10 መዓልትታት ኣብ መብዛሕቲኦም ክፋላት ሃገርና ዝራእቲ ቀውዒ ንምእካብን ንድሕረ እከባን ዝምችው ደረቕ ኹነታት ኣየር ከምዝህልው ኢንስቲትዩት ሚቲዎሮሎጂ ኢትዮጵያ ኣፍሊጡ።

እቲ ኢንስቲትዩት ናብ ግልጋሎት ዜና ኢትዮጵያ ኣብ ዝለኣኾ መግለፂ፣ ኣብ ዝቕፅሉ መዓልትታት ማይ ዝህብ ኹነታት ኣየር ሓጋይ ናይ ማይ ወቕቶም ኣብ ዝኾኑ ዞባታት ቦረናን ጉጂን፣ ዞባታት ክልል ሲዳማ፣ ዞባታት ክልል ደቡብ ኢትዮጵያን ደቡባዊ ዞባታት ክልል ሶማሌን ካብ ቐሊል ክሳብ ማእኸላይ መጠን ዘለዎ ማይ ከምዝረኽቡ ሓቢሩ።

ብሓፈሻ ኣብ መብዛሕቲኦም ክፋላት ሃገርና ኣብ ዝቕፅሉ 10 መዓልትታት ዝህልው ደረቕ ራሕሲ ዘለዎ ኹነታት ኣየር ዝባፅሑ ዝራእቲ ንምእካብን ንድሕረ እከባ ዝራእትን ከምዝምችው ገሊፁ።

ድሕሪ ፍርቂ ሰሙን ብፍላይ ኣብ ሰሜን፣ ሰሜን ምዕራብን ማእኸላይን ክፋላት ሃገርና እዋኑ ዘይሓለወ ካብ ቐሊል ክሳብ ማእኸላይ መጠን ዘለዎ ማይ ትፅቢት ከምዝግበር ኣብ ትንበይኡ ኣመላኺቱ።

ብምኽኒኡ 'ውን ሓረስቶት ነዚ ብምርዳእ ከይተሻለሉ ኣብ ሕርሻ ዝርከቡ ዝበፅሑ ዝራእቲ ኣብቶም ዘለዉ ደረቕ መዓልትታት ንኽእከቡ ፃውዒት ኣቕሪቡ።

ብኻልእ ወገን ሓለሓሊፉ ኣብ ዘለዉ መዓልትታት ኣብ ደቡብን ደቡባዊ ምዕራብን ክፋላት ሃገርና ትፅቢት ዝግበር ካብ ቐሊል ክሳብ ማእኸላይ መጠን ዘለዎ ራሕሲ ኣብ ወቕቲ ሓጋይ ዝራእቲ ንዘፍርዩ ውሑዳት ከባቢታት ኦሮሚያ ኣዎንታዊ ግደ ከምዝህልዎ ገሊፁ።

ብተወሳኺ እንስሳት ብምርባሕ ዝናበሩ ከባቢታት ንቐረብ ጋህፂ ሳዕርን ዝስተ ማይን ኣዎንታዊ ግደ ከምዝህልዎ ተመላኺቱ።

ብመሰረት እቲ ትንበያ ኩነታት ኣየር ሃገርና መጠን ማይ ገፀ ምድርን ግድባትን ብምምሕያሽ ንቐረብ ማይ መስኖ ሓጋይ ኣዎንታዊ ግደ ከምዝህልዎ እቲ ኢንስቲትዩት ሓቢሩ።

የኢትዮጵያ ሚቲዎሮሎጂ ኢንስቲትዩት
Ethiopian Meteorology Institute

# ርእሰ ኣንቀፅ

## ‹‹ሃገራዊ ምርድዳእ ንሕብረ ብሄራዊ ሓድነት››

ኣብ ዓለምና ስርዓት ፌደራሊዝም ዝኸተላ ሃገራት ብርክት ዝበላ'የን።እዘን ሃገራት ከከም ነባራዊ ኹነታት ሃገረን ንቲ ስርዓት ይትግብርኦ።ሃገርና'ውን ምስ ምፅዳቕ ህገ መንግስቲ ስዒቡ ብዝህነት ማእኸል ዝገበረ ስርዓት ፌደራሊዝም ምኽታል ጀሚራ ኣላ።እንትኾነ ግና እቲ ከይዲ ሓላፍ ዘላፍ ዝነበሮ ስለዝኾነ ኣብ ማዕረ ተጠቃሚነትን ዓርሰ ምሕደራን ህዝቢታት ኢትዮጵያ ሕቶታት የልዕሉ ነይሮም።እቲ ሕቶ መሰረት ገይሩ ድማ ለውጢ ክመፅእ ገይሩ ኣሎ።

ድሕሪ ለውጢ ሕቶ ክልል ንኹን ዝብል መልሲ ረኺቡ ክልላት ኢትዮጵያ ካብ ትሽዓተ ናብ ዓሰርተ ክልተ ክብ ክብልን ካልኦት ሕቶታት ህዝብታት መልሲ እናረኸቡ 'ዮም።ስርዓት ፌደራሊዝም ሕብረ ብሄራዊነት ማእኸል ገይሩ ሓድነት ህዝብታት ብዘጠናኽር እናተተግበረ ይርከብ።

ሕገ መንግስቲ ፌዴሪኢ ዝፀደቐሉ ዕለት 29 ሕዳር በቢ ዓመቱ መዓልቲ ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ እናተኸበረ መፂኡ ኣሎ።ሎሚ ዓመት‹‹ሃገራዊ ምርድዳእ ንሕብረ ብሄራዊ ሓድነት›› ብዝብል ቴማ ኣብ ከተማ ኣርባምንጭ ክኽበር'ዩ።

ስርዓት ፌደራሊዝም መግለፂ መንነት፣ ፖለቲካውን ቁጠባውን ድሌታት ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኣብ ምሕላው ዓቢዪ ግደ ኣለዎ ፤ ንኩሎም ብሄር ብሄረሰባት ኣፍልጦን ማዕረ መሰረል ምሃቡ ናይ ባህሊ፣ ቋንቋን ከምኡ ‘ውን መግለፂ መንነትን ንምምዕባል ኢሉ 'ውን ንካልኦት ኣብ ምፍላጥን ዓብይ ግደ ዝፃወት 'ዩ። ሕብረ ብሔራዊ ፌደራላዊ ስርዓት ንብዙሕ መንነት መግለፂኦን ዝኾና ሃገራት ዝሓሸ ኣማራፂ ‘ዩ፤ ፌደራሊዝም ማዕርነት ህዝብታት፣ ሓድነትን ምትእስሳርን ምጥንኻርን ዲሞክራሲያውን ንቅሓተ ሕገ-መንግስቲ ህዝቢ ብምዕባይን ሓያል ሃገር ናይ ምህናፅ ግደ ከምዘለዎ ይፍለጥ።

ስርዓት ፌደራሊዝም ንኹሎም ብሄር ብሄረሰባት ኣፍልጦ ብምሃብ፤ ኩሎም ዜጋታት ባህሎም፣ ቋንቋኦምን ከምኡ ‘ውን መግለፂ መንነቶም ዝኾኑ ንከማዕብሉ የኽእሎም 'ዩ። ንብሄራት ብሄረሰባት ማዕረ መሰል ተዋሂቡ ነቲ መዓልቲ ብሓባር ምኽባር ምኽኣል ባዕሉ ሓደ ካብ መኽሰብ ስርዓት ፌደራሊዝም ምዃኑ ምግንዛብ ይግባእ።ብሄር ብሄረሰባት ኣብ ማሕበራዊ፣ ኢኮኖሚያዊን ፖለቲካዊን ዓውድታት ክሳተፉን ተጠቀምቲ ክኾኑ ክኢሎም 'ዮም። እቲ በዓል በቢዓመቱ ምኽባሩ ኣብ ብዝሃነት ውሽጢ ሓድነት ንምሕያልን ከምኡ ‘ውን ኣገዳስነት ሓድነት ኣብ ብዝሃነት ንምግንዛብ ረብሓ ዘለዎ ምዃኑ ርዱእ 'ዩ።

ሎሚ ዓመት ንመበል 19 ግዜ መዓልቲ ብሄር ብሄረሰባት ንምኽባር ሰፊሕ ምድላዋት እናተገበረ ይርከብ። ብዙሕነት ነቲ ብውልቂ ዘየማልእናዮ ድሌታት ከነማልእን ነቲ ክፍተት ብሕታውነት ንክንሰግሮ ዘኽእል ‘ዩ። ናይ ሓባር ዝኾነት ኢትዮጵያ ክንሃንፅን ከነብልፅግን ሓቢርና ደው ክንብል እዚ ሕብረት ብሄር ብሄረሰባት ተጣናኺሩ ክቕፅል ኣለዎ።

ምኽባር መዓልቲ ብሄር ብሄረሰብ ብዙሕ ረብሓታት ከም ዘምፅእ ዝከሓድ ኣይኮነን ። ኣብ መንጎ ህዝብታት ዝተጠናኸረ ሓድነት ፈጢሩ 'ዩ፤ ባህሎምን መንነቶምን ንኻልኦት ብምክፋል ኣፍልጦ ክረኽቡ ኾይኑ 'ዩ። እዚ ድማ ንምኽባር ሰብኣውን ዲሞክራሲያውን መሰላት መሰረት ኾይኑ ‘ዩ ።

እቲ በዓል ክኽበር ከሎ ህዝብታት ንነዊሕ ዘመናት ሒዞሞ ዝመፅኡ ጥምረቶም ኣጠናኺሮም ንክቕፅሉ፣ ኣብ ክንዲ ምፍልላይ ኣብ ሓድነት ትኹረት ክገብሩን ብዛዕባ ሕገ-መንግስትን ፌደራላዊ ስርዓትን ግንዛበ ክፈጥሩ ‘ውን ዝገብር ‘ዩ። እዚ ድማ ምዕቡል ፌደራላዊ ስርዓት ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ክሓልፍ ዝገብር 'ዩ።

እቲ በዓል “ሃገራዊ ምርድዳእ ንሕብረ ብሄራዊ ሓድነት” ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ኣብ ክልል ደቡብ ኢትዮጵያ ከተማ ኣርባ ምንጭ እንትኽበር መግለፂ ሓድነት፣ ሰላም፣ ምክእኣልን ሕብረ ብሄርን ኾይኑ ክኽበር ይግባእ። ብተወሳኺ 'ውን ኢትዮጵያውያን ብዙሕ ባህሊ፣ ታሪኽ፣ ፀጋን መስሕብ ተፈጥሮን ከምዘለዎም ንዓለም ዘፋልጥሉ መድረኽ ብምዃኑ እቲ በዓል ኣብቲ ክልል ምኽባር ዓብይ ዕድል ከምዝኾነ ይፍልጥ። በብዓመቱ እቲ በዓል ምኽባሩ ኣብ ትንሳኤ ቁጠባን ኢንቨስትመንትን ሃገርና፣ ከምኡ ‘ውን ኣብ ልምዓት ዓውዲ ቱሪዝም ዓብይ ግደ ከምዘለዎ ብምርዳእ ናብ ረብሓ ምቕያር የድሊ።ብዝተደመረ ዓቕሚ ሓድነትን ሰላምን ምፅናዕ ብዘኽእል መልክዑ ክኽበር 'ዩ።ሰናይ በዓል።


## ወጋሕታ

3 ሕዳር 2013 ዓ.ም ተመስሪታ

**ዋና ስራሕ ፈፃሚ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-126-42-22
ኢሜል ፡- epa@press.et

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ፍቃዱ ሞላ

**ኣድራሻ**
የካ ክ/ከ
ወረዳ 14
ቑፅሪ ገዛ 520/20
ኢሜይል - fekadumola@press.et
ቑፅሪ ስልኪ - 011-1-56-98-75

**ኣሰናዳእቲ**
ማዕረግ ገ/ሄር
መሰረት ገ/ዮሃንስ
ኣብርሃ ሓጎስ

**ዘፈር ልምዓትን ዕዳጋን ፕሮሞሽን**
ኢሜይል - epapromotion@press.et
ቑፅሪ ስልኪ - 011-126-43-41
ፋክስ - 011-811-13-15

**ክፍሊ መቕበሊ ምልሳይ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-156-98-73
ፋክስ - 011-126-58-12

**መተሓባበሪ ምልሳይ ዕዳጋ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-1-26-43-39

**መከፋፈሊ**
ቑፅሪ ስልኪ - 011-157-02-70


# ናፃ ሓሳብ

እዚ ዓምዲ ኣብ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ጉዳያት ዜጋታት ናፃ ሓሳቦም ዝህብሉ እዩ። ኣብዚ ዓምዲ ዝወፅኡ ፅሑፋት ናይ ክፍሊ ምስንዳእ ቀዋሚ እይኮኑን።

## ትኹረት ዘድልዮ ለበዳ ሕማም ኤች. ኣይ. ቪ

**መሰረት ገ/ዮሃንስ**

ኤች. ኣይ. ቪ፣ ብፆታዊ ርክብ፣ ብደም፣ ከም'ውን ካብ ኣደ ናብ ህፃን ዝመሓላለፍ ሕማም ቫይረስ 'ዩ። ናይ ሕክምና ክትትል እንተዘይተገይሩ ነቲ ናይ ኣካላትካ ስርዓተ ምክልኻል ሕማም ከዳኽሞን ውዒሉ ሓዲሩ ንእተፈላለየ ሕማማት ከቃልዓካን ይኽእል 'ዩ። እዚ ሕማም እዚ ሕክምና እንተዘይረኺቡ ናብ ሞት ከብፅሕ ይኽእል 'ዩ። ኤች.ኣይ.ቪ. ኣብ ኹሉ ዓለም ዘሎ እኳ እንተኾነ ብፍላይ ድማ ኣብ ዕብየት ዘለዋ ሃገራት ግና ብዝያዳ ተስፋሕፊሑ ይርከብ።

ቫይረስ ኤች.ኣይ.ቪ. ኣብ ናይ ዝሓመመ ሰብ ደምን ካብ ኣካላቱ ዝወፅእ ፈሳስን ይርከብ። እቲ ሕማም መብዛሕትኡ እዋን ብፆታዊ ርክብ 'ዩ ዝመሓላለፍ፣ ኤች.ኣይ.ቪ ብስሪንጋን ካልኦት ናውትን 'ውን ክመሓላለፍ ይኽእል 'ዩ። ደም ዝህቡ ሰባት ናይ ኤች.ኣይ.ቪ መርመራ እንተዘይገይሮም 'ውን በቲ ንኻልእ ሰብ ዝወሃብ ደም ኣቢሉ ኽመሓላለፍ ይኽእል 'ዩ። ኣብ ውሑድ ኣጋጣሚታት 'ውን ኤች.ኣይ.ቪ ደም ብዘለዎ ኣብ ቈርበት ብዝርከብ ክፉት ቁስሊ ክመሓላለፍ ይኽእል 'ዩ። ኣብ ግዜ ጥንሲ፣ ሕርሲ ከም'ውን ኣብ ግዜ ጡብ ምጥባው እቲ ሕማም ካብ ኣደ ናብ ሕፃን ናይ ምምሕልላፍ ኣጋጣሚ ኣስታት 30 ሚእታዊት 'ዩ። ነታ ጥንስትን ነቲ ሕፃንን ኣብ ክትትልን መጀመርታ ሰሙናት ድሕሪ ሕርሲ ሕክምና ብምሃብን ነቲ ናይ ምምሕልላፍ ኣጋጣሚ ናብ 1 ሚኢታዊት ክንኪ ይከኣል 'ዩ።

ናይ ኤች.ኣይ.ቪ. መርመራ ምግባር ኣገዳሲ 'ዩ። ሳላ እቲ ሎሚ ዘሎ ዘመናዊ ሕክምና መብዛሕትኦም ሕሙማት ኤች.ኣይ.ቪ. ከቢድ ሕማም ከይሓመሙ ንነዊሕ ዓመታት ክነብሩ ይኽእሉ 'ዮም። ስለዚ ምናልባት ኤች.ኣይ.ቪ. እንተ ሃልዩካ ሕክምና ብቕልጡፍ ምእንቲ ኽትጅምር መርመራ ምግባርካ ጠቓሚ 'ዩ። ኤች.ኣይ.ቪ. ከም ዘለካ ምፍላጥካ ናብ ካልኦት ንኸይተመሓላልፍ 'ውን ይጠቕመካ 'ዩ።

እቲ በቢ ዓመቱ 22 ሕዳር ዝኽበር መዓልቲ ኤች ኣይቪ ኤድስ ኣመልኪቱ ኣብዚ ዓመት " ሰብኣዊ መሰል ዘኽበረ ግልጋሎት ንኹሉ" ብዝብል መርሕ ሓሳብ ንመበል 37 ጊዜ ዓለም ለኸ መዓልቲ ኤች ኣይቪ /ኤድስ ተኸቢሩ 'ዩ። እዚ መዓልቲ ምኽባር ስዒቡ ኣብ ዝተውሃበ መግለፂ ብፍላይ ኣብ ትግራይ ተስፋሕፊሑ ከምዝርከብን ትኹረት ከምዘድልዮን ተገሊፁ 'ዩ። ቢሮ ጥዕና ትግራይ ኣብ 10 ገጠር ወረዳታትን 10 ከተማታትን ብዝገበሮ መፅናዕቲ ኣብ ትግራይ ቅድሚ ኲናት ካብ ዝነበረ 1 ነጥቢ 4 ሚልዮን መጠን ዝርገሐ እቲ ሕማም ብዕፅፊ ወሲኹ 'ዩ። ንምግዳድ እቲ ሕማም ቀንዲ ምኽንያታት ድማ ድኽነት ዝወለዶን ኣብ ትግራይ ብዝተፈጠረ ኲናትን ስዒቡ ሕፅረት መከላኸሊ ኤች ኣይቪ ኤድስ ስለ ዘጋጠመን ኻልኦት ምኽንያታት ከምዝኾነ ይፍለጥ።

ብፆታ እንትነፃፀር ቑፅሪ በቲ ሕማም ዝተታሓዙ እንትረአ ደቂ ኣንስትዮ ልዑል ቑፅሪ ከምዝሕዛ ዝፍለጥ 'ዩ። ቀንዲ ተቓላዕቲ ዝኾኑ ወገናት እንትረአ ድማ ኣብ ስራሕቲ ፋይቶት ዝተዋፈራ፣ መናእሰይ፣ ናይ ነዊሕ ጉዕዞ ገናሕቲ መኻይን እንትኾኑ ነዚዩ ንምቁፅፃር ድማ ዓብይ ስራሕ ክስራሕ ትፅቢት ይግበር።

እዚ ድማ ኣብ ምቁፅፃር ኤች ኣይቪ ኤድስ ልዑል ተራ ዘለዎ ኹሉ ብምውዳድ ዝተጠናኸረ ስራሕ ክስራሕ ይግባእ። ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ዝርከቡ ኣካላት ነዚዩ ተረዲኦም ኣብ ምክልኻል ኤች ኣይቪ/ ኤድስ ትኹረት ክገብሩ ኸዚ ኣብ ትግራይ ኣጋጢሙ ዘሎ ምስፍሕፋሕ ንምቕናስ ግደኦም ክፃወቱ ይግባእ። ከምዝፍለጥ ብዝተኻየደ መፅናዕቲ ኣብ ክልል ትግራይ ብርክት ዝበለ ክፋል ሕብረተሰብ በቲ ሕማም ይልከፍ ከም ዘሎ 'ዩ።

> ኣብ ትግራይ ቅድሚ ኲናት ካብ ዝነበረ 1 ነጥቢ 4 ሚልዮን መጠን ዝርገሐ እቲ ሕማም ብዕፅፊ ወሲኹ 'ዩ

እዚ ንምንካይ ድማ ግድን ኹሉ ብፍላይ ድማ ተቓላዕቲ ዝባሃሉ ማሕበረሰባት ምርመራ ክካይዱ ግድን 'ዩ። ተመርሚሮም ዓርሶም ዝፈልጥሉ ድማ ኹነታት ተመቻቺይሎም ባዕሎም ሓልዮም ንኻሊእ 'ውን ተንኸባኺብቲ ንክኾኑ ዝተፈላለየ ስልጠናታት ብምሃብ እቲ ፀገም ምንካይ ይካኣል 'ዩ። ብሰንኪ ገጢሙ ዝነበረ ኲናት ዝርገሐ ኤች.ኣይ.ቪ.ኤድስ ኣዚዩ ሓደጋ ኾይኑ ከም ዘሎን ብፍላይ ኣብ ከተማታት መኾኒ፣ ማይጨዉ ፣ጨርጨር፣ ኣላጀን ቦራን ሰፊሕ ምስፍሕፋሕ ይርአ ከም ዘሎን ኩሉ ማሕበረሰብ ነዚ ኣብ ግምት ብምእታዉ ግቡእ ጥንቃቐ ክገብር ከም ዝግባእ ዓብይ ወፍሪ ምድሓን ከምዘድልዮ ግድን 'ዩ ።

እዚ ሕማም ሃገር ተረካቢ ኣምራቲ ሓይሊ ተባሂሉ ተስፋ ዝዋሃበሉ መንእሰይ ዘጥቅዕ ስለዝኾነ ዘርኢ፣ ፆታ፣ ዕድመን ሃይማኖትን ከይፈለየ ንኹሉ ዘጥቅዕ ብምዃኑ እዚ ሕማም ትኹረት ተገይሩሉ ክስራሕ ከምዝግበኦ ዘርኢ 'ዩ። መንእሰይ ድማ ንትግራይ ኣብዚ ሐዚ እዋን ኣዝዩ ዘድልያን ካብ ዝነበረቶ ፀገም ንኽትላዓል ተስፋ ዝገብረሉ ወለዶ 'ዩ። እቲ መንእሰይ ባዕሉ ካብዚ ሕማም ንኽከላኸል ዓብይ ናይ ግንዛበ መፍጠርቲ መድረኻት ዘድልይሉ እዋን 'ዩ። እዚ ድማ ትፅቢት ዝግበር ካብቲ ዝምልከቶ ኣካል ጥራሕ እንተይኾነስ ካብቲ ማሕበረሰብ ባዕሉ ዓብይ ተሳትፎን ጥንቃቐን ካብ ምግባር ዝጅምር 'ዩ።

ስለዚ ኣብዚ ሐዚ እዋን ልዑል ጥንቃቐ ከም ዘድልይን ብፍላይ መናእሰይ ተመርሚሮም ዓርሶም ፈሊጦም መከላኸሊ መንገዲታት ኤች ኣይ ቪ ኤድስ ከተግብሩ ይግባእ። እዚ ድማ እቲ ፀገም ካብ ዘብፀሖ በሰላ ምንካይ ይካኣል 'ዩ። እዚ መፍረይ ሓይሊ ዝኾነ መንእሰይ ድማ ኣብ ልምዓትን ዕብየት ሃገርን ዓብይ ትፅቢት ስለዝግበረሉ በዚ ሕማም ምኽንያት ዕንቅፋት ከይገጥሞ ናይ ኹላትና ርብርብ የድልዮ።

# እዋናዊ ዛዕባ

# ውፅኢት ኩለመዳያዊ ብልፅግና ኣብ ጉዕዞ ሓሙሽተ ዓመታት

**መኣርግ ገ/ሄር**



ኢትዮጵያ ብሕቶ ህዝቢ ናብ ለውጢ ካብ እትኣቱ ሽዱሽተ ዓመት ኮይኑ ኣሎ። ብልፅግና ከም ውድብ ተመስሪቱ ሃገር ክመርሕ ካብ ዝጀምር ድማ ሓሙሽተ ዓመት ኮይኑ ኣሎ። ኣብዘን ዓመታት እዚኣተን ብዙሕ ለውጥታትን ብድሆታትን ተራእየን 'የን። ፈተናታት ናብ ዕድል ብምቕያር ህዝቢ ዝደልዮ ናይ ኢኮኖሚ፣ ማሕባራውን ፖለቲካውን ተጠቓምነት ንምርግጋፅ ፓርቲ ብልፅግና ካብ ክፍለ ኢኮኖሚ ሕርሻ ክሳብ ኢንዱስትሪ፣ ካብ ትሩፋት ሌማት፣ ክሳብ ልምዓት ኮሪደር ዝመፁ ውፅኢታት ከም ኣብነት ዝግለፁ 'ዮም፡፡

ብምኽንያት ሓምሻይ ዓመት ፓርቲ ብልፅግና ፕረዚደንት እቲ ፓርቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ፈዴሪኢ ኣቢይ ኣሕመድ (ዶ.ር) "ለውጥን ፍረ ለውጥን" ብዝብል መልእኽቲ ኣብ ዘመሓላለፍዎ፤ ብህዝባዊ ፀቕጥን ብፓርቲ ሰሓባይነትን ዘመፀ ሃገራዊ ለውጢ፣ ቀዳማይ ምዕራፍ እናተሳገረ 'ዩ። በዚ መንገዲ እቲ ናይ ለውጢ ሓሳብ ብቓላትን ብተግባርን ይግለፅ ነይሩ። እቲ ለውጢ ዘጋጠሞ ብድሆታት ኣካል ናይዚ ኮይኑ ህዝቢ ነቒሕሉን ተቓሊሱሉን ኣሎ። እዚ ድማ ፍረ እቲ ለውጢ ንምዕባይን ብድሆታት እቲ ለውጢ ንምርታዕን ዕድል ዝፈጠረ 'ዩ ኢሎም።

ፓርቲ ብልፅግና ነባራት ፖለቲካዊ ክብርታት ብዘሐይልን ፖለቲካዊ ስንብራትና ብዝፅግንን መልክዑ ተመስሪቱ 'ዩ ዝበሉ እቶም ፕረዚደንት፤ እዚ ሓደ ካብቲ ፍረ ናይቲ ለውጢ 'ዩ። እቲ ፓርቲ ናይ ጐድናዊን ማእከላይን፤ ቀንዲን መሻርኽትን፣ መጓሰን ሓረስታይን፤ ገስጋሲን ኣድሓሪን፤ፀላእን ፈታዊን መንደቕ ብምፍራስ ኣብ ሓሳብ ጥራይ ዝተመስረተ ፖለቲካዊ ውዳበ ምፍጣር ከምዝተኽኣለ ኣብ መልእኽቶም ኣስፊሮም 'ዮም።

ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ (ዶ/ር)፤ ኣብ ዝሓለፉ ሽዱሽተ ዓመታት ኣብ ዘመናዊ ፖለቲካዊ ታሪኽ ኢትዮጵያ ዝቐርቡ ሕቶታት ካብ ቃላት ንላዕሊ ግብራዊ መልሲ ረኺቦም 'ዮም ክብሉ ብምግላፅ፤ ንኣብነት ፖሊሲ፣ ሕግን ተግባርን ጥራሕ ዘይኮነስ ባህላዊ ለውጢ ተራእዩ 'ዩ። እቲ ለውጢ ሕሉፍ ስብራት ሃገርና ዝፅግን፣ ንሎሚ ዝጠቅምን ናይ ፅባሕ ጉዕዞ ኢትዮጵያ ዘቕንዕን ምኳኑ ኣብሪሆም 'ዮም።

ቅድሚ እቲ ለውጢ ሃይማኖታዊ ትካላት ብናይ ኢድ ምእታው መንግስቲ፣ ፅግዕተኛነትን ናይ ህላወ ፀገምን ከምዝነበሮም ብምዝኽኻር፤ ድሕሪ እቲ ለውጢ ልዕልና ሃይማኖታዊ ትካላት ተኸቢሩ። መንግስቲ ነዚ ክብሪ ንምሕላው ኣብ ትካላት ክገብሮ ዝፀንሐ ፖለቲካዊ ምትእትታው ደው ከምዝበለ 'ዮም ዝገለፁ፡፡

ካብዚ ብተወሳኺ ትካላት ሲቪክ ማሕበራት፣ ነቲ ቕድሚ ሕዚ ዝነበረ ትኽክል ዘይኮነ ኣተሓሳስባ ብምእራም፣ ብሓደሽቲ ሕግታትን ውዳበታትን ንሃገር ብዝጥዕም መንገዲ ተሃኒፆም 'ዮም። ቅድሚ እቲ ለውጢ 1 ሽሕን 900 ሲቪክ ማሕበራት ዝነበራ እንትኾና ኣብ ዝሓለፉ ሓሙሽተ ዓመታት ጥራሕ ግና 3 ሽሕን 300 ሓደሽቲ ሲቪክ ማሕበራት ተመዝጊበን 'የን።

ዲሞክራስያዊ ትካላት ናፃ፣ ዘይሻራዊን ተኣማንነትን ንኽህልወን ዘኽእሉ ሕጋውን ናይ ኣዋዳድባን ለውጢን ተገይሩ 'ዩ። ብተመሳሳሊ መንገዲ ብዙሕነት ሚድያ ንምምሕያሽ፣ ኣመሓደርቲ ሕግታት ንምምሕያሽ፤ ተበፃሕነት ሚድያ ንምድንፋዕን ሚድያታት ነንሕድሕደን ባዕለን ዝቆፃፀራሉ ስርዓት ንምትካልን ፃዕሪ ከምዝተገበረ ኣብሪሆም 'ዮም።

እቶም ቀዳማይ ሚኒስተር ኣብ እዋን ለውጢ ድሕረት ሕርሻ ቐሪፎም ልኡላውነት መግቢ ንምሕላው ኣብ ዝተሰርሑ ስራሕቲ ናይ ባህሊ ለውጢ መፂኡ 'ዩ። ዝናብ መሰረት ዝገበረ ሕርሻዊ ባህሊ መስኖ ብምጥቃም፣ ግራትን መሬትን ብክላስተር ንኽኸውን ዝተሰርሐ ስራሕ ዓመት ምሉእ ናይ ምፍራይ ባህሊ እናምፀአ 'ዩ።

ኢትዮጵያ ኣብ ስርናይ፣ ሩዝ፣ ስገም፣ ዕፉን ፍርያት ፍረታትን ትኹረት ብምሃብ ኣብ ኣፍሪካ ቀዳመይቲ ኣፍራዩት ስርናይ ምዃና ብምግላፅ፤ ካብ ወፃኢ ዝኣቱ ስርናይ ተኣቱ ዝነበረት ሃገር ብበዝሒ ስርናይ ብምፍራይ ናብ ሰደድ ቐይራቶ 'ያ፡፡ ኣብ ናይ ሌማት ትሩፋ ኣብ ዝተሰርሐ ስራሕ ፍርያት ፀባ፣ ደርሆን መዓርን ኣብ ናይ ነፍሲ ወከፍ ስድራቤት ሌማት ክበፅሕ ሰፊሕ ስራሕ ከምዝተሰርሐ ኣመልኪቶም 'ዮም።

ብተወሳኺ ኢትዮጵያ ዘመናዊት ንምግባር ብዝተሰርሐ ሰፊሕ ስራሕ ኣብታ ሃገር ልዑል ፅሬት ዘለዎ ፍርያት ምፍራይ ተኻእሉ ኣሎ። ዘመናዊ ምግባር ኢትዮጵያ፣ ብዘይ ዲጂታላይዜሽን ክረጋገፅ ስለዘይክእል ኣብ ኣርቲፊሻል ኢንተለጀንስ፣ ዲጂታል ኢትዮጵያን ካልኦት ቴክኖሎጂታትን ዝግበር ምርምርን ኢንቨስትመንትን እናወሰኸ ይኸይድ ከምዘሎ 'ዮም ዝሕብሩ፡፡

ኣብ ናይ «ገበታ ንሃገር» ኣብ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ካብ ዝተሃነፁ መባፅሕቲ ቱሪዝም ብተወሳኺ፣ ኣብ ጎርጎራ፣ ወንጪ፣ ሃላላ ኬላን ኮይሻን ብፕሮጀክት ናይ ቱሪስት መባፅሕቲ ተሃኒፆም ኣብ ጥቕሚ ዝወዓሉን 'ዮም። ብተወሳኺ ኣብ ካልኦት ሸውዓተ ከባቢታት ሃገርና ዝህነፁ ዘለዉ ፕሮጀክትታት ገበታ ንትውልዲ ኢትዮጵያ ዘመናዊት ንምግባር ካብ ዝተገበረ ፃዕሪ ምኳኑ ይዛረቡ።

ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝተጀመረ ልምዓት ኮሪደር ኣብ ካኦት ከተማታት ኢትዮጵያ 'ውን እናተሰርሐ ከምዝኾነን ብምግላፅ፤ ትካላት ድሕንነት ፀጥታ ንምዝማን ብዝተሰርሐ ስራሕ ሰብኣዊ፣ መዋቕራዊን ቴክኖሎጂያዊ ብቕዓት ዘለዎም ትካላት ድሕንነት ፀጥታ ተፈጢረን 'የን ዝበሉ ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ (ዶ/ር)፤ እተን ትካላት ሕገ መንግስቲ ጥራሕ መሰረት ብምግባር ተልእኾአን ክፍፅማ፣ ካብ ፖለቲካዊ ወገናውነት ናፃ ኮይነን 'የን፡፡ ናይ ኣሳራርሓን ኣወዳድባን ሪፎርም ብምግባር ንኢትዮጵያ ዝምጥኑ ትካላት ክኾኑ ይግበር ከምዘሎ 'ውን ገሊፆም 'ዮም።

ካብቶም ለውጢ ክመፅእ ዝደፋፍኡ ሃገራዊ ስንብራት ሓደ ዝኾነ ማክሮ ኢኮኖሚያዊ ስብራት ኣብ መልእኽቶም ዘስፈሩ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር፤ ነቲ ማክሮ ኢኮኖሚያዊ ስምብራት ንምፅጋን ሃገር በቖል ኢኮኖሚያዊ ፅገናታት ንምትግባር ኩለመዳያዊ ፃዕርታት ተገይሩ 'ዩ ክብሉ 'ዮም ዝገልፁ።

ሃገራዊ ረብሓ ኢትዮጵያ ንምሕላው፣ ኢትዮጵያ ዘቕረበቶ ሕቶ ኣፍደገ ባሕሪ ግቡእን ቅኑዕን ምዃኑ ዓለም ክትቕበል ምግባር ተኻኢሉ 'ዩ። ኣብ ዓለም ለኸ መድረኻት ሃገራዊ ረብሓታታ ከኽብሩ ዝኽእሉ ክልተኣውን ብዙሕነታውን ምትሕብባራት ብንጥፈት ከምእትሳተፍ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብ መልእኽቶም ኣሕሊፎም 'ዮም፡፡

ምክትል ቀዳማይ ሚኒስትር ኣይተ ተመስገን ጥሩነህ ብግዲኦም፤ ከም ሃገር ብልፅግና ናይቲ ቅድሚ ሕዚ ዝነበረ ፍልልያት ኣብ ሓሳብ ፍትሓውነት ተወሲኽሉ ምህላዉ ብምጥቓስ፤ ድኽነት ንምስጋር ብዙሓት ጠቓምቲ ስራሕቲ ተሰሪሖም 'ዮም። ዘለዉ ፀጋታት፤ ባህልታት፣ ክብርታትን ዓቕምታትን ብምውህሃድ ዓብዪ ሃገራዊ ዓቕሚ ፈጢርና ኣለና ክብሉ ይዛረቡ፡፡ ኢትዮጵያ ኣብ ፖለቲካዊን ቁጠባዊን መድረኽ ዓለም ዝግብኣ መሪሕ ተራ ክትፃወት ከምዘለዋ ዘዘኻኽሩ እቶም ምክትል ቀዳማይ ሚኒስትር፣ ኣብታ ሃገር ዝካየድ ስራሕቲ ሰላምን ልምዓትን ብምጥንኻር ኣብ ዓለም ናይ ፖለቲካን ኢኮኖሚን መድረኽ ኢትዮጵያ ዝግበኣ ናይ መሪሕነት ግደ ክትፃወት ከምዘለዋ ብምግላፅ፣ ፓርቲ ብልፅግና ብዘይ ዕረፍቲ ብምስራሕ ኩለመዳያዊ ብልፅግና ኢትዮጵያ ጋህዲ ከምዝገብር 'ዮም ዝገልፁ፡፡

ናይ ብልፅግና ፓርቲ ምክትል ፕረዚደንትን ብምኽትል ቀዳማይ ሚኒስትር ማእርግ ማእኸል መተሓባበሪ ህንፀት ስርዓት ዲሞክራሲን ሓላፊ ኣይተ ኣዳም ፋራህ፣ ፓርቲ ብልፅግና ኣብ ቃልሲ ለውጢ ተወሊዱ ሓድሽ ራእይን ሓድሽ ምዕራፍን ሒዙ ዝዓቢ ዘሎ 'ዩ። ኣብ ዝሓለፉ ሓሙሽተ ዓመታት ኣብ ቁጠባዊ፣ ማሕበራዊ፣ ፖለቲካውን ዲፕሎማስያውን ዓውድታት ኩለመዳያዊ ብልፅግና ዘረጋግፅ መስተንክር ውፅኢት ከመዝግብ ክኢሉ 'ዩ።

ዘፈር ህዝባውን ዓለምለኸን ርክባት ሓላፊ ፓርቲ ብልፅግና ቢቂላ ሁሪሳ (ዶ/ር) ብግዲኦም፤ ኢትዮጵያ ተጓዒዛቶ ዘላ ናይ ሓሙሽተ ዓመት ጉዕዞ ዓወት ዘመዝገበትሉን ብድሆታት 'ውን ስዒራ ዘሓለፈትሉ 'ዩ። ስለዚ ኣብ ቁጠባዊ፣ ፖለቲካዊ፣ ማሕበራውን ዲፕሎማስያውን ዓወታት ዘመዝገበቶም ዓወታት ዓብዩ 'ዩ።

ፓርቲ ብልፅግና ንኢትዮጵያውያን ኣብ ዝሓቖፈ፣ ሕብረ ብሄራዊ፣ ሃገራዊ ፓርቲ ኮይኑ ብምፍጣሩ ምኽንያት ኩሎም ኢትዮጵያውያን ኣብ ሓንቲ ፅላል ምትእኽኻብ ዝኸኣልሉ 'ዩ። እቲ ፓርቲ ካብ ዝምስረት ኣትሒዙ ናይ ትረኻ ለውጢ ተራእዩ 'ዩ። ኣብ ክንዲ እቶም ዝፈላልዩና ነገራት ኣብ እቶም ዝጥርንፉናን ሓድነት ኣብ ዝፈጥሩን ትረኻታት ክጥንክሩ ምግባር ከምዝተኻኣለ ይገልፁ።

ቢቂላ (ዶ/ር)፤ ኣብ ዝሓለፉ ሓሙሽተ ዓመታት ኣብ ኢኮኖሚን ኣብ ሓገር በቖል ኢኮኖሚያዊ ሪፎርምታት ብምክያዱ እቲ ኢኮኖሚ ካብ ምውዳቕ ኣድሒኑ 'ዩ። ናይ ዕዳ ምስትኽኻል ምስግጋርን ኣቢሉ ዕዳ ሃገርና ኣብ ምቕላል 'ውን ዓቢዩ ስራሕ ተሰሪሑ 'ዩ። ሕርሻ ጥራሕ ዝበሃል ዝነበረ ናይ ኢኮኖሚ ኣታሓሳስባ ናይ ብዝሃ ዘርፍ ኢኮኖሚ ክኸውን፣ ግብርና፣ ማኑፋክቸሪንግ፣ ዕደና፣ ቱሪዝምን ዲጂታል ኢኮኖሚን ብምጥማር ናይታ ሃገር ዘፈር ኢኮኖሚ ሚዛኑ ሓልዩን ተደጋጊፉን ክዓብዩ ምግባር ዘኽአለ ስራሕ ከምተሰርሐ የብርሁ፡፡

ብሓሳብ ልዕልና ኣብ ናይ ተስፋ ጉዕዞና ዘመዝገብናዮም ውፅኢታት ንተወሳኺ ዓወታት ከንተግህ ዝገብሩ ስራሕቲ 'ዮም ተሰሪሖም ክብሉ ኣብ ምክትል ቀዳማይ ሚኒስተር መዓርግ ማእኸል ህንፀት ዲሞክራስያዊ ስርዓት ሓላፊን ምክትል ፕረዚዳንት ፓርቲ ብልፅግና ኣይተ ኣደም ፋራህ ይገልፁ፡፡


ሕድሕድ ሰከንድን ደቒቓን ብዘይብርቱዕ ፃዕሪ ከይሓልፍ ብቐልጡፍን ብመሃዛይነትን ዝሰጎምናሉ ኣገባብ ናይ 5ይ ዓመት ፓርቲና በዓል ምስረታ ብኹለመዳያዊ ዓወታት እነኽብረሉ እዋን ከብፀሐና ክኢሉ 'ዩ ብምባል፤ ስርናይ ካብ ምምላእ ውሽጣዊ ድሌታትና ሓሊፍና ናብ ሰደድ ዝተሰጋገርናሉ፣ ኣብ ዓቢዩ ፕሮጀክት ግድብ ህዳሰ ኢትዮጵያ ሂወት ዝተኸልናሉ፣ብውሑሉል ዲፕሎማስያዊ ስራሕና ምስ ብሪክስ ከንፅመር ዝኸኣልናሉ፣ ኮታስ ተቖፂሮም ዘይውድኡ ብዙሓት ዓወታት ዘመዝገብናሉ ብናይ ህዝብና ኩለመዳያዊ ድጋፋት ተዓጂብና ኢና ክብሉ 'ዮም ብዝርዝር ዘብርሁ።

## ዕዱም ጋሻ

# ‹‹መዓልቲ ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን ባህሊ፣ ቋንቋን እምነትን ንከዓቢ ዘኽእል 'ዩ››

-ወይዘሮ ኣበባ በርሀ

**መሰረት ገ/ዮሃንስ**



ስርዓት ፌደራል ንኹሎም ብሄር ብሄረሰባት ኣፍልጦ ብምሃብ፤ ኩሎም ዜጋታት ባህሎም፣ ቋንቀኣዖምን ከምኡ ‘ውን መግለፂ መንነቶም ዝኾኑ ንከማዕብሉ ዝፈጥር ማዓልቲ 'ዩ። ንብሄራት ብሄረሰባት ማዕረ መሰል ተዋሂቡ ነቲ መዓልቲ ብሓባር ምኽባር ምኽኣል ባዕሉ ሓደ ካብ መኸሰብ ስርዓት ፌደራል ምኳኑ ምግንዛብ ይግባእ። ንኩሎም ብሄር ብሄረሰባት ኣፍልጦን እኹል መብት ምሃቡ ናይ ባህሊ፣ ቋንቋን ከምኡ ‘ውን መግለፂ መንነትን ንምምዕባል ዘኽኣለ ‘ዩ፤ በብዓመቱ እቲ በዓል ምኽባሩ ኣብ ኢኮኖሚን ኢንቨስትመንትን ሃገርና፣ ከምኡ ‘ውን ኣብ ልምዓት ዓውዲ ቱሪዝም ግደ ከምዘለዎ ዝፍለጥ 'ዩ። ሕብረ ብሔራዊ ፌደራላዊ ስርዓት ንብዙሕ መንነት መግለፂኦን ዝኾና ሃገራት ዝሓሸ መማረፂ ‘ዩ፤ ፌደራሊዝም ማዕርነት ህዝብታት፣ ሓድነትን ምትእስሳርን ምጥንኻርን ዲሞክራስያውን ንቅሓተ ሕገ-መንግስቲ ህዝቢ ብምዕባይን ሓያል ሃገር ናይ ምህናፅ ግደ ከምዘለዎ ይግለፅ። ነዚ 'ዩ እቲ በዓል በብዓመቱ ምኽባሩ ኣብ ብዝሃነት ውሽጢ ሓድነት ንምሕያልን ከምኡ ‘ውን ኣገዳስነት ሓድነት ኣብ ብዝሃነት ንምግንዛብ ረብሓ ዘለዎ።

ስርዓት ፌደራሊዝም መግለፂ መንነት፣ ፖለቲካውን ቁጠባውን ድሌታት ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኣብ ምሕላው ዓቢዩ ግደ ኣለዎ። ብሓባር ደው ብምባል ነታ ናይ ሓባር ገዛና ዝኾነት ኢትዮጵያ ክንሃንፅን ከነበልፅግን ይግባእ ። ብዙሕነት ነቲ ብውልቂ ዘየማላእናዮ ድሌታት ከነማልእን ነቲ ክፍተት ብሕታውነት ንክንሰግሮ ዘኽእል ‘ዩ። ምኽባር መዓልቲ ብሄር ብሄረሰብ ብዙሕ ረብሓታት ከም ዘምፅእ ዝክሓድ ኣይኮነን፤ መዓልቲ ብሄር ብሄረሰባት መሰረት ምኽባር ሰብኣውን ዲሞክራስያውን መሰላት ‘ዩ። እቲ በዓል ክኽበር ከሎ ህዝብታት ንነዊሕ ዘመናት ሒዞሞ ዝመፅኡ ሓድነት ንከስጥሙ፣ ኣብ ክንዲ ፍልልይ ሓድነት ከማዕብሉን ብዛዕባ ሕገ-መንግስትን ፌደራላዊ ስርዓትን ግንዛበ ክፈጥሩ ‘ውን ዝገብር 'ዩ። እዚ ድማ ምዕቡል ፌደራላዊ ስርዓት ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ክሓልፍ ዝገበር 'ዩ። እዚ በዓል ምኽንያት ብምግባር ሓላፊት ሊግ ደቂ ኣንስትዮ ብልፅግና ጨንፈር ትግራይን ሓላፊት ቤት ፅሕፈት ባህልን ቱሪዝምን ክፍለ ከተማ ንፋስ ስልክ ላፍቶ ዝኾና ወይዘሮ ኣበባ በርሀ ምስ ጋዜጣ ወጋሕታ ዝገበረኦ ሙሉእ ትሕዝቶ ከምዝስዕብ ኣቕሪብናዮ ኣለና። ሰናይ ንባብ!

**ወጋሕታ፦ ኣብ ሃገርና መዓልቲ ብሄር ብሄረሰባት ምኽባሩ ረብሕኡ ከመይ ይገልፀኦዮ ? እዚ በዓል ኣብ መንጎ ህዝብታት ዘሎ ባህልን መንነትን ኣብ ምፍሳጥ ዘለዎ ረብሓኸ ?**

**ወይዘሮ ኣበባ፦** መዓልቲ ብሄርን ብሄረሰባትን ኣብ ሃገርና እንትኽበር ኣብ መንጎ ህዝብታት ምክብባርን ምርድዳን ዘምፅእ 'ዩ፤ ብሃገር ለኸ ተጀሚሩ ዘሎ ሃገራዊ ምኽክር 'ውን ዘጠናኽር 'ዩ። ኣብ ሃገርና መዓልቲ ብሄረን ብሄረሰባትን ምኽባሩ ብዋናነት ኣብ ኢትዮጵያ ዝርከቡ ብዙሓት ብሄረር ብሄረሰባት፣ እዚኦም ብሄረሰባት ኹሎም ተወለድቲ ኢትዮጵያ ስለዝኾኑ፣ ተወሊዶም ናይ ምዕባይን ምንባርን ብሓፈሻ መሰረታዊ ዝባሃል ኹሉ ተማሊእሎም ናይ ምጥቃም መሰልን ኽብርን ስለዘለዎም ዲሞክራሲ መሰሎም ተጠቒሞም ዝነብሩላን ዝከባበሩላን ሃገር ስለዘላቶም ማሕበራዊ ኢኮኖምያዊ ፖለቲካዊ ከምኡ ድማ ዲሞክራያዊ መሰሎም ተሓልዩ ብምኽባሮም ሓደ ዝገብሮም ሓድነታዊ ርክብ ንከምፅኡ ዝገብርን ክቡር መዓልቲ 'ዩ።

ከምዝፍለጥ ሃገርና ኢትዮጵያ ናይ ብዙሕ ፀጋታት ወናኒት ሃገር ከምዝኾነት ዝፍለጥ 'ዩ። ብፍላይ ኣብ ኢትዮጵያ ብሄራትን ብሄረሰባትን ኣከዳድና ኣነባብራ ፣ ኣዘራርባ ቋንቋ ፣ ኣመጋግባ፣ ከምኡ ድማ ዝማሓደርሉ ሕጊ ወይ ድማ ባህላዊ ብይን ዘለዎም በሄራት ዝሓቖፈት ሃገር 'ያ። እዚ ድማ እቲ ሓደ ማሕበረሰብ ነቲ ሓደ ማሕበረሰብ ባዕሉን ማንነቱን ንምፍላጥ ዓብይ ዕድል ዝፈጥር 'ዩ። ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኣብ ኢትዮጵያ ዝኽበር እቲ በዓል ክኽበር ከሎ እቲ ህዝቢ ንነዊሕ እዋን ሒዝዎ ዝፀንሐ ሓባራዊነት ንከጠናኽርን ኣብ ክንዲ ፍልልይ ሓድነት ንከሐይልን ዝፈጥር 'ዩ።

ኣብዚ ሐዚ እዋን ድማ ወናኒት ብዙሓት ባህልታትን ቋንቋታትን ክብርታትን ዝኾነት ኢትዮጵያ ምስ ብርቱዓት ደቃ ናብ ብፅልግና እናሰጎመት ከምዘላ ብምርዳእ ብሓባር ምስራሕን ምትሕብባርን ክጠናኽር ይግባእ። ክንቀራረብ ከለና ክንፋለጥ ጥራሕ ዘይኮነስ፤ ነቲ ዝዓግተና ፀገማት ንምስጋር ዕድል ከምዘሎ ክንርዳእ ይግባእ። ብዙህነት ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ሓቂ ስለዝኾነ ካብ ሃገራዊ ሓድነት ከይፈለና ከም ዕድል ክንወስዶ ይግባእ። ናይ ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን ባህሊ፣ ቋንቋን እምነትን ንከዕብይ ዘኽአለ ካብ ሙኳኑ ብተወሳኺ፤ ዜጋታት ፍልልያቶም ኣኽቢሮም ብሓባር ክነብሩ ዘኽእሎም ከምዝኾነን፤ ከም ሃገር ኣብ ሞንጎ ህዝብታት ባህሊ ምትሕግጋዝን ምቅርራብን ክስፋሕፋሕ ከም ዝግባእ፤ ፍልልያት ብምፅባብ ኣብ ጉዳያት ሃገራዊ ህንፀት ብሓባር ምስራሕ ከምዘድሊ ንምግላፅ ዕድል ዝፈጠር መዓልቲ ብሄር ብሄረሰባት 'ዩ። መዓልቲ ብሄር ብሄረሰባት ኣብ መንጎና ምክብባርን ሓድነትን ዘጠናኽር 'ዩ።

> **ክንቀራረብ ከለና ክንፋለጥ ጥራሕ ዘይኮነስ፤ ነቲ ዝዓግተና ፀገማት ንምስጋር ዕድል ከምዘሎ ክንርዳእ ይግባእ**

**ወጋሕታ፦ ናይ ዝተፈላለዩ ብሄርን ብሄረሰባትን ባህሊ ዝንፀባረቀሉ መዓልቲ ብምኳኑ ቱሪስታት ኣብ ምስሓብን ቱሪዝም ኣብ ምዕባይን ዝህልዎ ግደ እንታይ ይመስል?**

**ወይዘሮ ኣበባ፦** ከምቲ ልዕል ኢለ ዝለገለፅኽዎ እንድሕር ደኣ ተጠቒምናሉ ኢትዮጵያ ብዙሓት ንዓለም ክፍለጡ ዝግበኦም ፀጋታት ዝሓዘት 'ያ። እዚ ዝኸበር መዓልቲ ብሄርን ብሄረሰባትን ድማ እዚ ካብ ዝተፈላለዩ ብሄራት ዝወፀ ባህልን መንነትን ካብ ኢትዮጵያ ሓሊፉ ንዓለም ብምፍላጥ ዓብይ መስሕብ ቱሪስት ክኾን ይኽእል 'ዩ። ኣብ ዓለም ዘለዉ በፃሕቲ ቱሪስታት ካብ ሓደ ቦታ ናብ ሓደ ቦታ ዝጓዝሉ ምኽንያት ናይ ሓንቲ ሃገር ባህልን ኣነባብራን ምርኣይ 'ዩ። እዚ በዓል ድማ ካብ ዝተፈላለዩ ክፋል ኢትዮጵያ ዝተፈላላዩ ባህልታትን ኣነባብራን ዝንፀባረቐሉ ብምኳኑ ንመስሕብ ቱሪዝም ዓብይ ረብሓ ኣለዎ። ስለዚ ክንጥቀመሉ ንኽእል ኢና ማለት 'ዩ። ሓድነትና ንመላእ ዓለም እነሪእየሉ ኣጋጣሚ 'ውን 'ዩ። እዚ እቲ በዓል በቢ ዓመቱ እናተኸበረ ብዝመፀ ቁፅሪ ቱሪስት ንክውስኽን ቀልቢ ዝስሕብን ስለዝኸውን ባዕሉ ዝኸኣለ ኣታዊ ኢኮኖሚ ከምፅእ ዝኽእል 'ዩ።

**ወጋሕታ፦ መዓልቲ ብሄረሰባት እንትኽበር ዋና ዓለምኡ ኣብ መንጎ ህዝብታት ምክብባርን ምትሕስሳብን ዘለዎ ሓድነት ንክፍጠር 'ዩ። ኣብ ሃገርና ዝካየድ ዘሎ መድረኽ ሃገራዊ ምኽክር እዚ ሓድነት ካብ ምጥንኻር እንፃር ዘለዎ ረብሓ እንታይ ይመስል?**

**ወይዘሮ ኣበባ፦** ሃገራዊ ሓድነት ካብ ምጥንኻር ዘለዎ ረብሓ ዓብይ 'ዩ። ብዋናነት ናይ ኢትዮጵያ ክፋል ሕብረተሰብን መዳርግቲ ኣካላት ኾይኖም ኣጀንደታት ብምእካብ ናይ ሓሳብ ምፍልላይ ካብ ዝፍጠሩ ሓሳባት ብምርሓቕ ንሃገር ረብሓ ዝኾኑ ንኣብነት ረብሓ ሃገር ምቕዳም፣ ገዛኢነት ዲሞክራያዊ ሕጊ ምቕዳም፣ ግልፅነትን ምኽንታዊነትን ዝኾኑ ሓሳባት ብምልዓል ኹሎም ሓሳባት ዝሳተፍሉ ኣጀንዳን ዋዕላን ኾይኑ ህብረ ብሄራዊነት ዘንፀባርቕን ናብ ሓደ ዘምፅእን ስለዝኾነ ሃገራዊ ምኽክር ኣብ ኢትዮጵያ ክህሉ ምግባሩ ንብሄር ብሄረሰባትን ኣዚዩ ጠቓሚን ሓድነት ዝፈጥርን 'ዩ። እቲ ዋና ነገር ፍልልይና ተቀቢልና ሓድነትና ድማ ከም ሓይሊን ዓቕምናን ኾይኑ ምጥቃሙ ‘ዩ። ናይ ትማሊ ታሪኽና ወይ ስሕተትና ኣብ ፅባሕ እንጓዓዘሉ መንገዲ ዕንቅፋት ክኾን ኣይግባእን። ትምህርቲ ሂብና ከይድገም ብጥንቃቐ ክንጉዓዝ 'ዩ ዝግባእ። ናይ ትማሊ ታሪኽ ንሓባራዊነት መጠንከሪ እንበር ናይ ፍልልይ ምኽንያት ንከይኾን ክንሰርሕ ይግባእ። እናተደማመፅና፣ እናተኸባበርና ንሓሳብን ንዛተን በርና ክፍቲ እናገበርና ክንጉዓዝ ይግባእ። ህብረ ብሄራዊ ሓድነትና ብምጥንኻር፣ ንመፃኢ ዘመን ሃገርና ብሓባር ንስራሕ፣ ካብ ናይ ትማሊ ብምምሃር ጉልበትናን ግዜናን ንልምዓት ሃገር ንሎማዕንትን ፅባሕን ነውዕል። እዚ ‘ዩ ናይዚ ወለዶ ዓብይ ሓላፍነት ክኸውን ዝግባእ።

ስለዚ ዝጎደለ እናመላእና፣ ዘይተስማዕማዕናሉ ብዘተ ንስክንሰማዕመዐሉ እናገበርና፣ ብምርድዳእን ብምትሕልላይን ሓቢርና ክንጉዓዝ ይግባእ። ዘየረዳድእ ሃገራዊ ጉዳይ እንትህሉ እቲ ህዝቢ ብዘተ ብምፍታሕ፤ ፀገማት ብምድማፅ ድምፂ ህዝቢ እናኽበርና ብምኻድ ንመፃኢ ወለዶ

“መዓልቲ ብሄር ...ገጽ 6

# ዕዱም ጋሻ

# ‹‹መዓልቲ ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን...

ዝሐሸትን ብዘተ እትኣምን ሃገር ክነውርስ ይግባእ። ኸዚ እንሪኦም ዘለና ዝበልፀጉ ሃገራት ኣብዚ ጉዳይ እዚ ፍልልይ ስለዝይብሎም ኣይኮነን። ብዙሓት ናይ ሓሳብ ምፍልላይን ዘይምቕባልን ዝተመልኡ 'ዮም። ኾይኑ ግና ፍልልይና ብምክእኣል ናብ ጎንፂ ምኻድ እንተይኾነስ ብዝርርብ ብምፍታሕ ስልጡን ወለዶ ክንፈጥር ይግባእ። ብሓሳብ ምፍላይን ከምኡ ድማ ሓድነትን ተፈጥራዊ 'ዩ። ወዲ ሰብ ብመልክዕ፣ እምነት፣ ባህሊ፣ ቋንቋ፣ ኣተሓሳስባ ፍልልይ ኣለዎ 'ዩ። እዚ ጉዳይ ተፈጥሮ 'ዩ። ብኻልእ ወገን ድማ ሓደ ዝገብርዎ ናይ ሰብኣውነት ጉዳያት 'ውን ኣሎ።

**ወጋሕታ፡- ሃገራዊ ምኽክር ኣብ ትግራይ ንኽካየድን ዝፍጠሩ ፖለቲካዊ ኣፈላላይ ብዘተ ንክፍትሑን ካብ መንግስቲ ኾነ ካብ ህዝቢ እንታይ ትፅቢት ይግበር?**

**ወይዘሮ ኣበባ፡-** ኣነ ከምዝመስለኒ መንግስቲ ፌደራል እዚ ምኽክር ሃገራዊ ዋዕላ ኣጀንዳ ገይሩ ብሃገር ለኸ ኣብ ግብሪ ኣውዒልዎ ኣሎ። እዚ ዝተፈጠረ ሃገራዊ መድረኽ ከም ዓብይ ዕድል ተጠቒሙ ኣብቲ ክልልና ዝርከብ ማሕበረሰብ ማለት 'ውን ተወለድቲ ዓዲ፣ ሲቪል ማሕበራት ከምኡ ድማ ደቂ ኣንስትዮን መናእሰይን ብምኳን እዚ ዝተፈጠረ ዕድል ክጥቀምሉ ይግባእ። እዚ ተፈጢሩ ዘሎ ዋዕላ ሃገራዊ ምኽክር ከም መላእ ሃገር ዝተውሃበ ሰለዝኾነ ክሓልፍ ኣይግበኦን። ከምተን ካልኦት ክልላት ተጠቀምቲ ዝኾና ኣጀንዳ ኣተኣኻኺበን ናብ ስራሕ ዝኣተዋ ክልል ትግራይ 'ውን ናብ ስራሕ ተትኣቱ ፅቡቕ 'ዩ ዝብል እምነት ኣለኒ። እዚ ተግባራዊ እንተኾይኑ 'ውን 'ዩ ምኽብባር፣ ምክእኣልን ምትሕልላይን ክመፅእ ዝኽእል። ስለዚ ብወገን መንግስቲ ብሃገር ደረጃ ዕላዊ ገይሩ ናብተግባር ኣትዩ ኣሎ፤ እቲ ዕድል ናይ ምጥቃም ድማ ናይቲ ህዝቢ ይኾን ማለት 'ዩ።

ወጋሕታ፡- ብምንፅር ምቕዳም ረብሓ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ትግራይ ዝፍጠሩ ኣፈላላያት ፖለቲካ ብምንታይ መንገዲ ክፍትሑ ኣለዎም ?

ወይዘሮ ኣበባ፡- ከም ናተይ ሓሳብ ቅድሚ ኹሉ 'ውን ዝነበረ ኣካይዳ ፖለቲካ ትግራይ ንህዝቢ ዘቐደመ 'ዩ ዝብል እምነት የብለይን። ምኽንያቱ እቲ ህዝቢ ፀገማቱ ከይፍትሽ ፖለቲካ ፕሮፖጋንዳ እናተሰርሐሉ መፂኡ 'ዩ። ምስ ጎረባብቲ ቅርሕንቲ ፈጢሩ ንክፈላለይ እናተገበረ ዝመፀ ህዝቢ 'ዩ። ኣብዚ ሐዚ እዋን ድማ ሕጊ እናጠሓስካ መሬት ምውራር፣ ወርቂ ምኩሕጓሕ ከምዘሎ እናተሰምዐ 'ዩ፤ እዚ ተሓታትነቱ እቲ እናገዝአ ዘሎ ውድብ 'ዩ። ናብ መፍቲሕኡ ክንመፅእ ከለና ድማ መፍቲሒኡ ኣብቲ ህዝቢ 'ዩ ዘሎ። ኣብዚ እዋን ብጣዕሚ በልፂገን ዝባሃላ ሃገራት ካብ ከምዚ ዓይነት ፀገም እየን ወፂአን። ናፃነተን ሰለዝኣወጃ እየን ኣብ ዓለም ተፈሊጥቲ ዝኾና። ናይዚ መልዕሊ ድማ ባዓል ዋንኡ እቲ ህዝቢ 'ዩ ነይሩ። ስለዚ እቲ ህዝቢ ይኣኽለና ኢሉ ናፃነቱ ክእውጅ ኣለዎ። ከምተን ካልኦት ክልላት ዲሞክራስያዊ ሕትኡ ብምልዓል ምስ ብሄረን ብሄረሰባትን ኣብ ልምዓት ይኹን ኢኮኖሚ ማሕበራዊ ብሓባር ንክሳተፍ ይግባእ። እቲ ህዝቢ ባዕሉ እንድሕር ዘይተላዒሉ ኢድ በይኑ ከጣቅዕ ከምዘይኽእል ኹሉ መንግስቲ በይኑ ምንም ፍታሕ ንከየምፅእ ይኽእል 'ዩ። ህዝቢ ማለት መንግስቲ ማለት 'ዩ፤ ስለዚ ህዝቢ ትግራይ ግዜ ክወስድ ኣይግበኦን። ከምቲ ካልኦት ክልላት ኣብ ዝተፈላለየ ወፍሪ ልምዓት እናተኻየደ ዘሎ ኣብ ትግራይ ድማ ልምዓትን ስራሕትን እታ ክልል ንክሳለጥን ለውጢ ንክመፅእን ዓበይቲ ዝኾኑ መድረኻት ብምፍጣር ምዝታይ ኣድላይ 'ዩ። እዚ በዓል ብሄር ብሄረሰባት ድማ እዚ ሓድነት ዘጠናኽር ዕድል ሰለዝኾነ ብኣግባብ ተጠቂምና ሓንቲ ዝኾነት ኢትዮጵያ ኣብ ምፍጣር ናይ ኹላትና ግደ 'ዩ።

**ወጋሕታ፡- ንዝነበረና ፃንሒት ኣመስግን።**

**ወይዘሮ ኣበባ፡-** ኣነ 'ውን ኣመስግን።

# መዓልቲ ብሄር ብሄረሰባት ንነዊሕ እዋን ዝፀንሐ ሓድነት ህዝቢ ንክጠናኸር ዝገብር 'ዩ

**መሰረት ገ/ዮሃንስ**

ኣዲስ ኣበባ፡- መዓልቲ ብሄር ብሄረሰባትን ህዝቢታትን ኢትዮጵያ ክኽበር ከሎ እቲ ህዝቢ ንነዊሕ እዋን ሒዝዎ ዝፀንሐ ሕብረት ንከጠናኽርን ኣብ ክንዲ ፍልልይ ሓድነት ንከሐይልን ዝገብር 'ዩ ክብላ ሓላፊት ሊግ ደቂ ኣንስትዮ ብልፅግና ጨንፈር ትግራይን ከምኡ 'ውን ሓላፊት ቤት ፅሕፈት ባህልን ቱሪዝምን ክፍለ ከተማ ንፋስ ስልክ ላፍቶ ዝኾና ወይዘሮ ኣበባ በርሀ ገሊፀን፡፡

ወይዘሮ ኣበባ ምስ ጋዜጣ ወጋሕታ ኣብ ዝነበረን ፃንሒት ከምዝገለፀኦ፤ ሃገርና ኢትዮጵያ ናይ ብዙሕ ፀጋታት ወናኒት ሃገር ከምዝኾነት ዝፍለጥ 'ዩ፤ ብፍላይ ኣብ ኢትዮጵያ ብሄራትን ብሄረሰባትን ኣከዳድና፣ ኣነባብራ፣ ኣዘራርባ ቋንቋ፣ ኣመጋግባ፣ ከምኡ 'ውን ዝማሓደርሉ ሕጊ ወይ ባህላዊ ብይን ዘለዎም ብሄራት ዝሓቖፈት ሃገር 'ያ፤ እዚ ድማ እቲ ሓደ ማሕበረሰብ ነቲ ሓደ ማሕበረሰብ መንነቱ ንምፍላጥ ዓብይ ዕድል ዝፈጥር 'ዩ ኢለን፡፡

መዓልቲ ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኣብ ኢትዮጵያ ክኽበር ከሎ እቲ ህዝቢ ንነዊሕ እዋን ሒዝዎ ዝፀንሐ ሓባራዊነት ንከጠናኽርን ኣብ ክንዲ ፍልልይ ሓድነት ንከሐይልን ዘኽእል 'ዩ ዝበላ ወይዘሮ ኣበባ፤ ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን ባህሊ፣ ቋንቋን እምነትን ንከዕብይ ዘኽኣለ ካብ ምኻኑ ብተወሳኺ፤ ዜጋታት ፍልልያቶም ኣኽቢሮም ብሓባር ክነብሩ ዘኽእሎም ከምዝኾነን ከም ሃገር ኣብ ሞንጎ ህዝብታት ባህሊ ምትሕግጋዝን ምቅርራብን ክስፋሕፋሕ ዘኽእል ምኳኑን ኣብሪሀን።

እዚ ዝኽበር መዓልቲ ብሄርን ብሄረሰባትን እዚ ካብ ዝተፈላለዩ ብሄራት ዝወፀ ባህልን መንነትን ካብ ኢትዮጵያ ሓሊፉ ንዓለም ብምፍላጥ ዓብይ መስሕብ ቱሪስት ክኾን ይኽእል 'ዩ ዝበላ ወይዘሮ ኣበባ፤ ኣብ ዓለም ዘለዉ በፃሕቲ ቱሪስታት ካብ ሓደ ቦታ ናብ ሓደ ቦታ ዝንዓዝሉ ምኽንያት ናይ ሓንቲ ሃገር ባህልን ኣነባብራን ንምርኣይ ብምኳኑ እዚ በዓል ድማ ካብ ዝተፈላለዩ ክፋል ኢትዮጵያ ዝተፈላላዩ ባህልታትን ኣነባብራን ዝንፀባረቐሉ ብምኳኑ ንመስሕብ ቱሪዝም ዓብይ ረብሓ ኣለዎ ኢለን፡፡

ሓድነትና ንመላእ ዓለም እነሪአሉ ኣጋጣሚ 'ውን 'ዩ ዝበላ ወይዘሮ ኣበባ፤ እቲ በዓል በቢ ዓመቱ እናተኸበረ ብዝመፀ ቀልቢ ቱሪስት ብምስሓብ ቁፅሪ ቱሪስት ንክውሰኽን ስለዝገብር ባዕሉ ዝኽኣለ ኣታዊ ኢኮኖሚ ከምፅእ ዝኽእል 'ዩ ክብላ ገሊፀን፡፡

# 70 ሺሕ ሄክታር...

መልክዓ-ምድሪ እቲ ክልል ኣኽራናዊ ምኳኑን እቲ ማይ ድማ ኣብ ትሑት ከባቢ ብምህላዉን ፓምፕ ማይ ንልምዓት መስኖ ኣገዳሲ ሃፍቲ ከምዝገበሮ ገሊፆም። ኣብ ዝሓለፈ ዓመት 94 ሎሚ ዓመት ድማ 72 ፓምፕ ማይ ብሚኒስቴር ሕርሻ ድጋፍ ከምዝተገብረ ኣፍሊጦም። እዚ ድማ ዓቕመ ደካማ ንዝኾኑ ሓረስቶትን ስራሕ ኣልቦ መናእሰይን ክዕደል ተገይሩ 'ዩ። ሓረስቶት 'ውን ተወዲቦም ዓሚቕ ዒላታት ማይ ኳዕቲ ብምግባር ፓምፕ ገዚኦም ናብ ልምዓት መስኖ ከምዝኣተዉ ወሲኾም ገሊፆም።

እዚ ውፅኢት ክርከብ ዝኸኣለ ካብ ክልል ክሳብ ዞባን ወረዳን ብምምኽኻር መድረኽ ናይ ጎስጓስ ስራሕቲ ብምስርሑ ምኳኑ ብምግላፅ፤ ኣብ ከተማ ውቕሮ ን505 ሰብ ሞያተኛታትን ኣካየድትን ስራሕ ናይ ሓሙሽተ መዓልታት ሞያዊ ስልጠና ከምዝተዋህቦም ኣመልኪቶም። ብድምር ን228ሽሕን 905 ተጠቀምቲ መስኖ ኣብ ኩሉ ደረጃታት ስልጠና ከምዝተዋህበ ገሊፆም።

# ጉዕዞ ብልፅግና...

ሰላምን፣ ዲፕሎማሲን ኢንዱስትሪያዊ ምምሕያሻት ኣብ ዘመዝገበቶ ጎኒ ንጎኒ ኣብ ናይ ሓጋይ ስርናይ፣ ትሩፋት ሌማት፣ ልምዓት ኮሪደር፣ ሓምለዋይ ዓሻራ፣ ብናይ ኢትዮጵያ ታምርት ጎስጓስን ዘደንቕ ዓወታት ክምዝገብ ክኢሉ 'ዩ፡፡

ኣብ ዝሓለፉ ሓሙሽተ ዓመታት፣ ዕጫ ብልፅግና ኢትዮጵያ ዘውስኑ ብዙሓት ፕሮጀክትታት ተግባራዊ ኮይኖም ዝረአ ውፅኢትን ፍረን ከምፅኡ ጀሚሮም ከምዘለዉ ዝገለፁ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር፤ ንኢትዮጵያ ናብ ዝለዓለ ብራኸ ንምብፃሕ ሙሉእ ራኢ ብምሓዝ ኣብ ኩሉ ዓውድታት ብዙሓት ዓወታት ከምዘመዝገበ ወሲኾም ይገልፁ።

ብልፅግና ከም ዝኾነ ናይ ውድብ ሽም ዘይኮነስ ብልፅግና ንህዝብና ዘለና ድሌት ካብ ልብና እንገልፀሉ ሽም 'ዩ ዝበሉ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር፣ እዚ ሽም እዚ ከም ኢትዮጵያ ዝኣመሰላ ኣብ ድኽነት ዘለዋ ሃገራት ሽም ዘይኮነስ ንኹሉ ኢትዮጵያዊ ሓባራዊ ሓቂ ምኳኑ 'ዮም ዝሕብሩ። ምኽንያቱ ካብዚ ሽግር ክወፅእ ዘይደሊ ኢትዮጵያዊ ስለዘየለ።

ፓርቲ ብልፅግና ሕልሙን ራእዩን ሙሉእ ብሙሉእ ክወቅዕ ምስ ዝኽእል ካብ ብልፅግና ዝጎድል ኢትዮጵያዊ ከምዘይህሉ ብምግላፅ፤ ዝበዝሒ መንገዲታት እንተዝስርሑ፣ ከተማታት ዘመናዊ እንተዝኾኑ፣ ፍርያትት ሕርሻ እንተዝውሰኽ፣ ኢንዳስትሪ እንተዝስፋሕፋሕን ካልኦት ዓውድታት እንተዝዓብዩን ካብ ብልፅግና ዘይጥቐም ኢትዮጵያዊ ከምዘይህሉ ይገልፁ።

ኣብ ዝሓለፉ ሓሙሽተ ዓመታት ጉዕዞ እቲ ፓርቲ ፍልጠት፣ ጥበብን ሓቅን ተዘይሰንቕ ነይሩ ብቐሊሉ ዘይስገሩ ፀገማት ኣጋጢሞሞ ከምዝነበሩ ብምዝኽኻር፣ ፓርቲ ብልፅግና ነዞም ፀገማት ጠንኪሩ ብምፅዋር ጥበቡ ተጠቒሙ ናብ ዕድላት ከም ዝቐየሮ ኣመልኪቱ።

ብልፅግና ሙሉእ ራኢ ዘለዎ ፓርቲ 'ዩ። ቀዳምነት ሕርሻ፣ ከተማ፣ ኢንዱስትሪ ብምባል ኣይፈልን ዝበሉ ቀዳማይ ሚኒስትር ኣብይ (ዶ/ር)፣ እቲ ፓርቲ ኣብ ሓደ ግዜ ሕርሻ፣ ኢንዱስትሪ፣ ቴክኖሎጂ፣ ከተማ፣ ገጠር፣ ዲፕሎማሲን ካልኦት ዓውድታት ንምምሕዳር ዓቕሚ ከምዘለዎ ብተግባር ከምዘርኣየ ወሲኾም ይገልፁ።

ናይ ካልኦት ሃገራት ፖለቲካዊ ስርዓት ሙሉእ ብሙሉእ ምቕዳሕ፣ ሓይልን ሓሳብን ምትሕውዋስ፣ዲሞክራሲ ዘይምንባር ናይ ፈታውን ፀላኢን ፖለቲካ ምርማድን ከምኡ 'ውን ጉድለት ንኹሉ ዝሓቁፍ ኣብ ዝሓለፉ 50 ዓመታት ኣብ ፖለቲካዊ መስርሕ ኢትዮጵያ ናይ ፖለቲካዊ ፓርቲታት ስብራት ምኳኖም ብምጥቃስ፤ ፓርቲ ብልፅግና ካብከምዚኦም ዝበሉ ውድቀታት ትምህርቲ ብምውሳድ ሓዱሽ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ሓሳብ ተግባራዊ ከምዝገበረ'ዮም ዝገልፁ። በዚ ምኽንያት ብዙሕ ዓወታት ከመዝግብን ብድሆታት ሰጊሩ ናብ ዓወት ክቕይርን ከምዝኸኣለ የብርሁ።

ምክትል ፕረዚደንት ፓርቲ ብልጽግና ኣዳም ፋራህ ብግዲኦም፣ መብፅሒና ኩለመዳያዊ ብልፅግና፣ መንገድና ምድማር፣ ገዛኢ ትረኻታትና ሕብረ ብሄራውነት፣ ዕላማና ፀገም ብምኽክር ምፍታሕ፣ ትሕብባር፣ ምውህሃድ፣ ሽርክነት፣ ሕውነትን ኣሓትን ምኳኑ 'ዩ ፣ ኣብዝሓለፉ ሓሙሽተ ዓመታት ኣብ ኩሉ ዘፈራት ዝነኣድ ውፅኢት ዝተመዝገበ ምኳኑ ኣመልኪቶም 'ዮም።

ብድሆታት ናብ ዓወት ምቕያር ጭቡጥ መግለፂታት ፓርቲ ብልፅግና ምኳኖም ብምግላፅ፣ እቲ ፓርቲ ብርክት ዝበሉ ፈተናታት ዋላ እንተጋጠምዎ እቶም ፈተናታት ናብ ዕድል ብምቕያር ድሙቕ ውፅኢት ከምዝግብ ምኽኣሉ ይግልፁ፡፡

ዕላማ ቃልስና ድልዱል ሃገር መንግስቲ ምህናፅ ዩ ዝበሉ እቶም ምክትል ፕረዚደንት፣ ቃል ኣብ ግብሪ ምውዓል ጭቡጥ ባህርያት ፓርቲ ብልፅግና ከምዝኾነን ኣብ ኩሎም ዓውድታት ልዑል ውፅኢት ከምዝተመዝገበን ብምግላፅ፣ ‹‹ብዝተረኽቡ ውፅኢት ከይተዘናጋዕና ውፅኢትና ኣጠናኺርና ክንቅፅል ኢና" ክብሉ ተዛሪቦም 'ዮም፡፡

ዘፈር ህዝባውን ዓለምለኸን ርክባት ሓላፊ ፓርቲ ብልፅግና ቢቂላ ሁሪሳ (ዶ/ር) ብግዲኦም፤ ኢትዮጵያ ተጓዒዛቶ ዘላ ናይ ሓሙሽተ ዓመት ጉዕዞ ዓወት ዘመዝገበትሉን ብድሆታት 'ውን ስዒራ ዘሓለፈትሉ'ዩ ብምባል፤ ኣብ ቁጠባዊ፣ ፖለቲካዊ፣ ማሕበራውን ዲፕሎማሲያውን ዘመዝገበቶም ዓወታት ዓብዪ ከምዝኾ 'ዮም ዝገልፁ።

ፓርቲ ብልፅግና ንኢትዮጵያውያን ኣብ ዝሓቖፈ፣ ሕብረ ብሄራዊ፣ ሃገራዊ ፓርቲ ኮይኑ ብምፍጣሩ ምኽንያት ኩሎም ኢትዮጵያውያን ኣብ ሓንቲ ፅላል ምትእኽኻብ ዝኽኣልሉ 'ዩ። እቲ ፓርቲ ካብ ዝምስረት ኣትሒዙ ናይ ትረኻ ለውጢ ተራእዩ 'ዩ። ኣብ ክንዲ እቶም ዝፈላልዩና ነገራት ኣብ እቶም ዝጥርንፉናን ሓድነት ኣብ ዝፈጥሩን ትረኻታት ክጥንክሩ ምግባር ከምዝተኸኣለ ይገልፁ።

ኣብ ዝሓለፉ ሓሙሽተ ዓመታት ኣብ ኢኮኖሚን ኣብ ሓገር በቖል ኢኮኖሚያዊ ሪፎርምታት ብምክያዱ እቲ ኢኮኖሚ ካብ ምውዳቕ ኣድሒኑ 'ዩ። ናይ ዕዳ ምስትኽኻል ምስግጋርን ኣቢሉ ዕዳ ሃገርና ኣብ ምቅላል 'ውን ዓቢዩ ስራሕ ተሰሪሑ 'ዩ። ሕርሻ ጥራሕ ዝበሃል ዝነበረ ናይ ኢኮኖሚ ኣተሓሳስባ ናይ ብዝሃ ዘርፍ ኢኮኖሚ ክኸውን፣ ግብርና፣ ማኑፋክቸሪንግ፣ ዕደና፣ ቱሪዝምን ዲጂታል ኢኮኖሚን ብምጥማር ናይታ ሃገር ዘፈር ኢኮኖሚ ሚዛኑ ሓልዩን ተደጋጊፉን ክዓብዩ ምግባር ዝኽኣለ ስራሕ ከምተሰርሐ የብርሁ፡፡

ሕድሕድ ሰከንድን ደቒቓን ብዘይብርቱዕ ፃዕሪ ከይሓልፍ ብቕልጡፍን ብመሃዛይነትን ዝሰጎምናሉ ኣገባብ ናይ 5ይ ዓመት ፓርቲና በዓል ምስረታ ብኹለመዳያዊ ዓወታት እነኽብረሉ እዋን ከብፀሐና ክኢሉ 'ዩ ብምባል፤ ስርናይ ካብ ምምላእ ውሽጣዊ ድሌታትና ሓሊፍና ናብ ሰደድ ዝተሰጋገርናሉ፣ ኣብ ዓቢዩ ፕሮጀክት ግድብ ህዳሰ ኢትዮጵያ ሂወት ዝተኸልናሉ፣ብውሑሉል ዲፕሎማስያዊ ስራሕና ምስ ብሪክስ ከንፅመር ዝኸኣልናሉ፣ ኮታስ ተቐፂሮም ዘይውድኡ ብዙሓት ዓወታት ዘመዝገብናሉ ብናይ ህዝብና ኩለመዳያዊ ድጋፋት ተዓጂብና ኢና ክብሉ 'የብርሁ።



# ስፖርት




## ብሽልማት ዓመታዊ ብሉፅ ኣትሌታት ዝደመቑ ኢትዮጵያውያን ኮኾባት

**መሰረት ገ/ዮሃንስ**

ትፅቢት እናተገበረሉ ዝፀንሐ መርሃ ግብሪ ሽልማት ብሉፅ ኣትሌታት ዓለም 2024 ኣብ ዝሓለፈ ሰንበት ኽልተ ኢትዮጵያውያን ኣትሌታት ብዝተፈላለዩ ዓውድታት ተዓወቲ ኾይኖም ‘ዮም። ‘ቶም ኽልተ ኣትሌታት ኢትዮጵያውያን ካብ ስታድየም ወፃኢን ከምኡ ‘ውን ብብሉፅ ተስፋ ዘለዎም ኣትሌታት ተዓወቲ ኾይኖም ‘ዮም። ብሓፈሻ ካብ ሽድሽተ ዓውድታት ኣብ ዝካየድ ሽልማት ሰለስቲኦም ተሸለምቲ ኣትሌታት ኣፍሪካውያን ምኧኖም ናይ ሎሚ ዓመት ሽልማት ዝተፈለየ ገይርዎ ‘ዩ።

ብስፖርት ኣትሌቲክስ ብፍላይ ብነዊሕ ርሕቐት ውድድራት ዕውትቲ ዝኾነት ኢትዮጵያ ኣብቲ መድረኽ ኣትሌታት ከየምረፀት እንተፀንሐት ‘ውን ኣብ ምዝዛም ዝርከብ 2024 ዓመት ውድድር ግና ኽልተ ኣትሌታታ ተሸለምቲ ኾይኖም ‘ዮም። ናይ 3ሽሕ መሰናኽል ተወዳዳሪት መንእሰይ ኣትሌት ሲምቦ ኣለማየሁ ብተስፋ ዘለዎም ኣትሌታት ተዓዋቲት እንትትኾን፤ ብማራቶን ኦሊምፒክ ታዓዋታይ ሜዳልያ ወርቂ ድማ ኣትሌት ታምራት ቶላ ካብ ስታድየም ወፃኢ ዝግበሩ ውድድራት ናይዚ ዓመት ብሉፅ ኣትሌት ተባሂሉ ‘ዩ።

ቅድሚ ኣዋርሕ ብፈረንሳይ ኣድላውነት ኣብ ዝተኻየደ ኦሎምፒክ ፓሪስ ብ200 ሜትሮ ናይ ወርቂን ከምኡ ‘ውን ኣርባዕተ ግዜ ብ400 ሜትሮ ድማ ሜዳልያ ብሩር ብምውሳድ ቤተሰብ ስፖርት ዘደመመ ቦትሷዋናዊ ኣትሌት ሌትሲሌ ቲቦጎ ብ መም (ትራክ) ናይዚ ዓመት ብሉፅ ኣትሌት ተባሂሉ ‘ዩ። ኣብ ኦሎምፒክ ፓሪስ ወርቂ ማራቶን ከምኡ ‘ውን 5ሽሕን 10ሽሕን ሜትራት ሜዳልያ ነሓስ ዘመዝገበት ትውልደ ኢትዮጵያዊት ኔዘርላንዳዊት ኣትሌት ሲፈን ሓሰን ካብ ስታድየም ወፃኢ ብዝተኻየዱ




ኣትሌት ታምራት ቶላ




ኣትሌት ሲምቦ ኣለማየሁ

ውድድራት ብልፅቲ ጓል ኣስተይቲ ብምኧን ተመሪፃ ‘ያ።

ኣብ ዓለም ኣትሌቲክስ ቅድም ኣብ ዝበሉ ዓመታት ብኹሉ ዓይነታት ስፖርት ሓደ ዓይነት ሽልማት ዝነበሮ እንትኾን ፤ ኣብ ቀረባ ዓመታት ዘፈር ሽልማት ከከም ውድድራት ባህሪ ብምስፋሕ ናይ ዓመት ብሉፅ ኣትሌት እናሸለመ ይርከብ።ካብዚኦም እቲ ሓደ ዝኾነ መረፃ ተስፋ ዘለዎም ኣትሌታት ከም ኣቆፃፅራ ኣውሮፓ 2005 ኣካል እቲ መርሃ ግብሪ ሽልማት ኾይኑ ‘ዩ። በዚ ድማ ከም ኣቆፃፅራ ኣውሮፓ 2019 ኣትሌት ሰሎሞን ባረጋ ተዓዋታይ ብምኧን ናይ መጀመርያ ኢትጵያዊ ኣትሌት ‘ዩ። ድሕሪ ዓመታት ድማ ኣብ ዝሓለፈ ዝተገበረ ሽልማት ኣትሌት ሲምቦ ኣለማየሁ ተስፋ ዘለዋ ኣትሌት ተባሂላ ሽልማት ረኺባ ‘ያ።

ኣብዚ ውድድር ዓመት መናእሰይ ካብ ምኧኖም ኣንፃር ፅቡቕ ብቕዓት ዘርኣዩ ኣትሌታት ኣብ ዝምረፅሉ ዓውዲ፣ ሲምቦ ተዓዋቲት ክትኾን ዝኻኣለት ብፍላይ ኣብ ፓሪስ ኦሎምፒክ ብዘርኣየቶ ብቕዓት ‘ዩ። ጓል 19 ዓመት ናይ 3ሽሕ ሜትሮ መሰናኽል ኣትሌት ኣብ ፓሪስ መበል 5ይ ብርኪ ብምሓዝ ዝዛዘመት እንተኾነት ‘ውን ድሕሪ ማዓልትታት ኣብ ዓለም ትሕቲ 20 ዓመት ሻምፒዮና ናይቲ ውድድር ክብረወሰን ብምምዝጋብ ሜዳልያ ወርቂ ከምዘመዝገበት ዝዝከር ‘ዩ።

ኣብ ማራቶን ኦሎምፒክ ፓሪስ ኢትዮጵያ ብተጠባባቂ ኾይኑ ዝተሳተፈ ታምራት ቶላ ኣብ መወዳታ ሰዓት ኣብ ዝረኸቦ ዕድል ውድድር ተጠቂሙ ከይሓሰቦ ተዓዋታይ ከመዝኾነ ‘ውን ኣይርሳዕን። ኣትሌት ታምራት ቶላ ድሕሪ 24 ዓመት ክብረወሰን ኦሎምፒክ ብምምሕያሽ ዓወት ማራቶን ናብ ኢትዮጵያ ዝምለሰሉ ብቕዓት ካብ ስታድየም ወፃኢ ኣብ ዝተበሩ ውድድራት ናይዚ ዓመት ብሉፅ ኣትሌት ንክኾን ገይርዎ ‘ዩ። 2022 ናይ ዩጂን ቻምፒዮና ዓለም ናይ ማራቶን ተዓዋታይ ኣትሌት ታምራት ኣብ ቀፃሊ ዓመት ማራቶን ኒውዮርክ ብዓወት ምዝዛሙ ዝዝከር ‘ዩ። ኣብ ለንደን ማራቶን እንተይዛዘመ ‘ውን ኣብቲ ኦሎምፒክ ግና ፅቡቅ ቅዋም ብምርኣዩ ናይዚ ዓመት ብሉፅ ኣትሌት ከምዝኾነ ከመስክር ክኢሉ ‘ዩ።

ኣብቲ መድረኽ ሽልማት መደረ ዘስምዑ ፕሬዝዳንት ዓለም ኣትሌቲክስ ሳባስትያን ኮ፤ ተዓወቲ ሓዊሱ ብሕፁይ ዝቐረቡ ኣትሌታት ኣብዚ ዓመት ብዘርኣይዎ ፅቡቅ ቅዋም ናይ እንኳዕ ደስ በለኩም መልእኽቲ ኣመሓላሊፎም ‘ዮም። ኣብዚ ዓመት ኦሎምፒክ ውድድር ምኽያዱን 6 ክብረወሰን ዓለም ምስባር ሓዊሱ ብዙሓት ፅቡቃት ዓይነት ብቕዓት በቢርሕቐቱ ውድድር ከምዝተርኣዩ ኣዘኪሮም።

ከም ኣቆፃፅራ ኣውሮፓ ካብ 1988 ጀሚሩ ምኽያድ ዝጀመረ እዚ ሽልማት ንሽድሽተ ግዜ ብምሽናፍ ቀዳማይ ዝኾነ ጀማይካዊ ጉያይ ሓፂር ርሕቐት ዩሴን ቦልት ‘ዩ። ሞሮካዊው ማኸላይ ርሕቐት ኣሌት ሂሻም ኤልግሩዥ ን ሩስያዊ ምሩኩዝ ዘላይ ይሌና ኢሲንባዮቫ ድማ ሰለስተ ሰለስተ ግዜ ሽልማት ብምውሳድ ዝኽተሉ ‘ዮም። ኣትሌት ቀነኒሳ በቀለ ብተኸታታሊ ንኽልተ ግዜ (ከም ኣቆፃፅራ ኣውሮፓ 2004 ን 2005) ተዓዋታይ እንትኾን፤ ሻለቃ ሃይለ ገብረስላሴ ድማ ከም ኣቆፃፅራ ኣውሮፓ ብ1998 ናይዚ ኽብሪ ባዓል ዋና ክኾን ክኢሉ ‘ዩ። ብወገን ደቂ ኣንስትዮ ድማ ኣትሌት መሰረት ደፋር፣ ገንዘቤ ዲባባ ከምኡ ‘ውን ኣልማዝ ኣያና ናይዚ ዓመት ብሉፅ ኣትሌታት ብምባል ዝተመረፁ ኢትዮጵያውያን ‘ዮም።

## ብሉፅ ምኧን ንሽልማት የብቅዕ

**ሄርሞን ፍቓዱ**

‹‹ክብር ለጥበብ›› ተባሂሉ ኣብ ዝፅዋዕ ምድላው ብርክት ዝበለ ሰብ ተዓዲሙ፤ውሑዳት ድማ ብዝተፈላለየ ዘፈር ንሽልማት ተሓፅዮም በቲ ዝሰርሕዎ ብሉፅ ስራሕ ክሸለሙ ዝተዓደሙ ‘ዮም። ካብ መንጎ እቶም ንሽልማት ዝተሓፀዩ ዘፈራት ሙዚቃ፣ስዕሊ፣ሰርከስ፣ባህላዊ ኢደ ጥበብ ማእለማ (ሽመና)ን ካልኦትን ብሉፅ ስራሕቲ ንህዝቢ ተበፃሒ ዝገበሩ ክሽለሙ ክኢሎም ‘ዮም።

እቲ ንመበል ራብዓይ ግዘ ብኣዳላውነት ሚኒስቴር ባህልን ስፖርትን ዝተሰናደአ ‹‹ክብርለጥበብ››ዝተብሃለ ምድላው ብሉፅ ስራሕቲ ዝሰርሑ ናይ ኪነ ጥበብ ሰባት ኣፍልጦን ሽልማትን ዝሃበ እንትኸውን፤ኣፍቲ ምድላው ካብ ኹለን ክልላት ዝተውፃፅኡ 67 ተሸለምቲ ከም ዝተመረፁ ንምፍላጥ ተኻኢሉ ‘ዩ፤ካልኦት ሽዱሽተ ተሸለምቲ ድማ ናይ ኽብሪ ሽልማት ተበርኪትሎም ‘ዩ።

ኣፍቲ ዕለት ካብ መንጎ ዝተሸለሙ ጥበባውያን ሓደ ቐሺ ረዳኢ ሃይሉ ‘ዮም፤ካብ ክልል ትግራይ ከተማ መቐለ ክፍለ ከተማ ኵሓ ከም ዝመፁ ይዛረቡ። ካብ ገጠር ናብ ከተማ ትምህርቲ ንምምሃርን ናብራ ንምምሕያሽን ከም ዝመፁ ይዛረቡ፤ትምህርቲ ድሕሪ ምውደኦም ኣብ ስራሕ መንግስቲ እንተተቖፀሩ ‘ኳ፤ ኣብ ውሽጦም ዝነበረ ድሌት ጥበብ ማእለማ (ሽመና) ካብ 1985 ዓ/ም ጀሚሩ እስካብ ሐዚ ብሙሉእ ፍቕሪ ዝሰርሕዎ ስራሕ ከም ዝኾነ ንትካል ፕሬስ ኢትዮጵያ ይዛረቡ።

እቲ ንሶም ዝሰርሕዎ ስራሕቲ ማእለማ ኣብ ከባቢ እንደርታን ራያን ዝዝውተር ባህላዊ ኽዳን ቦፌ፣ድርባድር፣ዝርዝር እንትኸውን ሓደሽቲ ምህዞታት ብምፍጣር ናብ ዕዳጋ ከም ዘቕርቡ ይዛረቡ።

እቶም ቐሺ መንፈሰይ እናተሓደሰ ካፍቲ ሞያ ብዝረኽብክዎ እቶት ንምድራዊ ናብራይ ኣዝዮም ኣድለይቲ ዝተብሃሉ ነገራት ዘበናዊ ገዛን መኪናን ዓዲገ ‘የ ይብሉ።ንቦኽሪ ወዶም ሞያ ማእለማ ብምርኣይ ናይ ሓሙሽተ ዓመት ትልሚ ብምውፃእ ናይ ባዕሉ መኪና ከም ዝዓደገን ካልኦት ተቖፂሮም ተጠቀምቲ ንክኾኑ ኣስተዋፅኦ ከም ዝገበሩ ይሕብሩ።

‹‹መንፈስን ስጋን ምውህሃድ ዝከኣል ብጥበብ ‘ዩ›› ዝብሉ ቐሺ ረዳኢ ስጋና ምስ ነብስና ሚዛን ሒዛ ንክትእዘዝ ሓደሽቲ ምህዞታት ብተደጋጋምን ብዘላቕነትን እንትነተግብር ዋና መልክዕ ኪነ ጥበብ ምኧኑ እምነትና የረድኣና ‘ዩ ይብሉ።


ካብ መንጎ ጥቕስታት መፅሓፍ ቅዱስ ‹‹ክሰርሕ ዘይደልይ ኣይብላዕ››ይብል ቅዱስ ጳውሎስ ዝበሉ እቶም ቐሺ፤ኣብ ቤተ መቕደስን ካልኦት ትካላትን ተቖፂረ ካብ ዝረኽቦ መሃያ ንላዕሊ ብናፅነትን ብፍቕርን ዝሰርሖ ሞያ ማእለማ ይበልፅኒ ይብሉ። ኣፍቲ ምድላው ብዝተገበረሎም ሽልማትን ኣፍልጦን ኣዝዮም ከም ዝተሓጎሱ ድማ ይዛረቡ።

ኪነ ጥበብ ንዕብየት ሃገር ቀንዲ መሳርሒ ‘ዩ ዝበሉ እንትኾኑ፤ሰሪሖም ብዝረኽብዎ እቶት ግብሪ ንሃገሮም ምኽፋል ከም ዘሐጉሶም ይዛረቡ፤ንነዊሕ ዓማውቲ ሐምለ ሓደ ግብሪ ምኽፋል እንትጅመር ቐፅሪ ሓደ ፈላማይ ኸፋሊ ግብሪ ከም ዝኾኑ ብኹርዓት ይዛረቡ።

ብተመሳሳሊ ኣፍቲ ምድላው ተሸለምቲ ካብ መንጎ ዝኾኑ ንነዊሕ እዋን ብሞያ ምፍላጥ ምህርቲዝፍለጡን ተፈታውነት ዘትረፉን ኣርቲስት ሰራዊት ፍቅሬን ኣርቲስት ሙሉኣለም ታደሰን ሽልማቶም ካብ መንጎ ዝወሰዱ ተጠቀስቲ ‘ዮም።ኣርቲስት ሰራዊት ፍቅሬ ኣፍቲ ምድላው ተረኺቡ ሽልማት ተቐቢሉ ‘ዩ። በቲ ዝተገበረሉ ሽልማትን ኣፍልጦን ኣዝዩ ሕጉስ ከም ዝኾነ ገሊፁ ‘ዩ።እስካዕ ሎሚ ብዘፈር ምፍላጥ ምህርትን ኣልባሳትን ይኹን ትካላት ሽልማት ተዋፂቡ ኣይፈልጥን ሎሚ ነዚ ዝገበሩ ሚኒስቴር ባህልን ስፖርትን ክምስገኑ ይግባእ ክብል ተዛሪቡ።

**ስጋና ምስ ነብስና ሚዛን ሒዛ ንክትእዘዝ ሓደሽቲ ምህዞታት ብተደጋጋምን ብዘላቕነትን እንትነተግብር ዋና መልክዕ ኪነ ጥበብ ምኧኑ እምነትና የረድኣና**

## መሳዲ ጥበብ



ቀሺ ረዳኢ ሃይሉ

ኣፍቲ መደብ ዝተረኸባ ሚኒስትር ሚኒስቴር ባህልን ስፖርትን ወይዘሮ ሸዊት ሻንካ ፤ንዕዱማትን ንተሸለምትን ፅዕንቶ ፈጣርነት ጥበብ ገሊፀን።እተን ሚኒስትር ንጥበብ ኽብርን ትኹረትን ከም ዝግባእ፤ኣብ ኹሉ መኣዝን ሃገር ንዝርከቡ ኪነ ጥበባውያን ሕውነት ንኽጠናኸሩ ሓቢረን ‘የን።

ካብ ኹለን ክልላት ዝተወፃፅኡ ብርክት ዝበሉ ሰብ ሞያ ብዝተፈላለየ ዘፈርን ካልኦት ስራሕቲ ጥበብን ብልጫ ዘርኣዩ ተሸለምቲ ሽልማቶም ወሲዶም ‘ዮም።